# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.243 | ሓሙስ 11 ሰነ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3

ቻይና፡ ካብ 'ፍወሳ ብነውጺ' ከመይ ኣምለጠት፧

ገጽ 4
ዝኽሪ'ሰነ
ጥርዚ ኩሉ ወረራት. . .


ገጽ 5
ስርዓት መሰረት ኩሉ ዕብየት!


ገጽ 7
ምልክታ


# ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ሓያሎ ትካላት ግብጺ ዑደት ፈጺሙ





ኣብ ግብጺ ወግዓዊ ምብጻሕ ዝፍጽም ዘሎ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ብ 9 ሰነ ኣብ ኣፍረይትን ወሃብቲ ሎጅስቲካዊ ኣገልግሎትን ትካላት ዑደት ኣካዪዱ።

እቲ ካብ ከተማ ካይሮ ኣብ ዙርያ 150 ኪሎሜተር ናብ ዝርከባ ትካላት ዝተኻየደ ዑደት፡ ትካል መፍረ መድሃኒት 'ጂቶ ፋርማ'፡ ቁጠባዊ ዞባ መትረብ ስዌጽ፡ ፋብሪካታት ሓጺንን ቸሚንቶን፡ ኮርፖረሽን መሰረታዊ ኢንዱስትሪ ግብጺ ከምኡ'ውን ወደብ ዔን-ኣሱኻና ዘጠቓለለ ነይሩ።

ኣብ'ቲ ዑደት ዝተረኽቡ ሰብ-መዚን ኣካየድቲ ስራሕ ናይተን ትካላትን፡ ብዛዕባ ዕላማታተን፡ ራኢአን፡ ቁጠባዊ ኣገዳስነተን፡ ዓጢቐንኦ ዘለዋ ቴክኖሎጂ፡ ዓይነትን መጠንን ምህርተንን ዝምልከት ብምስልን ተንቀሳቓሲ ስእልን ዝተሰነየ ሰፊሕ መብርሂ ድሕሪ ምሃብ፡ ምስ ኤርትራ ንምትሕብባርን ብሸርክነት ንምስራሕን ከምኡ'ውን ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብን ምስግጋር ፍልጠትን ቴክኖሎጅን ኣበርክቶ ክገብሩ ዘለዎም ቅሩብነት ገሊጾም።

እተን ዝተበጽሓ ትካላት፡ ኣብ መፍረ ዝተፈላለየ ዓይነታት መድሃኒት፡ ምስራሕ ብቴክኖሎጂ ሮቦት ዝተደገፈ ጽላታት ጸሓያዊ ጸዓት፡ ንህንጻን ካልእ መዓላን ዘገልግል ሓጺንን ቸመንቶን፡ መፍረ ከሚካላዊ ድኹዒ፡ ከምኡ'ውን ምውዳድ ትሕተ-ቕርጺ ወደባትን ኣገልግሎት ሎጅስቲክስን ዝተጣፍኣየን።

ትማሊ ድማ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ መስርሕ ህንጻት ንእትርከብ ሓዳስ ርእሰ-ከተማ በጺሑ።

ኣብ ዑደቱ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ንሚኒስትሪታትን ካልኦት ኣካላት መንግስትን ዝተሰርሐ ህንጻታት፡ ባህላውን ስነጥበባውን ንጥፈታት ዘካየደሉ ዘመናዊ ኣዳራሻት፡ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ቦታታት እምነት፡ ሆቴላትን መንበሪ ኣባይትን ምስናይ ትሕተ-ቅርጹን ዓጢቕዎ ዘሎ ቴክኖሎጂን ኣብ ዝተዓዘበሉ፡ ብኣካየድቲ ስራሕ መብርሂ ተዋሂብዎ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ምስቶም ኣካየድቲ ስራሕ፡ ብዛዕባ'ቲ ዝተሰርሐን ኣብ መስርሕ ዝርከባን ትካላትን መንበሪ ኣባይትን፡ ከምኡ'ውን ክግበር ብዛዕባ ዝከኣል ምትሕብባርን ምትሕግጋዝን ሓሳብ ተለዋዊጦም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስን ፕረዚደንት ኣልሲሲን ብ8 ሰነ ኣብ ዘካየድዎ ርክብ፡ ኣብ ዞባ ቀይሕ ባሕሪ፡ ማእከላይ ምብራቕ፡ ቀርኒ ኣፍሪቃን ዓለምን ሓባራዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎም ቁጠባዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ዲፕሎማስያውን ጸጥታውን ጉዳያትን ምዕባለታትን ብዕምቈት ከምዝዘተዩ ይፍለጥ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ብ7 ሰነ'ዩ ናብ ግብጺ ገይሹ።

# ኤርትራን ግብጽን፡ ዝምድናታተን ኣብ ኩሉ መዳያት ንምድንፋዕን ንሓባራዊ ጸጥታ ክሰርሓን ተሰማሚዐን

ኤርትራን ግብጽን፡ ዝምድናታተን ኣብ ኩሉ መዳያት ንምድንፋዕን ንሓባራዊ ጸጥታ ክሰርሓን፡ ትማሊ 10 ሰነ ኣብ ዘውጸአኦ ሓባራዊ ጋዜጣዊ መግለጺ ተሰማሚዐን።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ግብጺ ዶ/ር በድር ዓብደልዓጢን ትማሊ ድሕሪ ዘካየድዎ ርክብ ኣብ ዝሃብዎ ሓባራዊ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ንታሪኻውን ሕውነታውን ዝምድናታት ኤርትራን ግብጽን ከምኡ'ውን ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ፕረዚደንት ዓብደልፋታሕ ኣልሲሲን ብ8 ሰነ ኣብ ካይሮ ንዘካየድዎ ሰፊሕ ዘተ ብምጥቃስ፡ ኣብ ጽላታት ዕደና፡ ትሕተ-ቅርጺ፡ መጕዓዝያ ባሕርን ምትእስሳር ወደባትን፡ ምምዕባል ወደባት ኤርትራ ብፍላይ ከኣ ዓሰብ፡ ባጽዕን ማርሳ ፋጥማን፡ መፍረ መድሃኒት፡ ህንጻት መንበሪ ኣባይቲ፡ ከምኡ'ውን ንክልተአን ሃገራት ብመሬት፡ ባሕርን ባቡር ምድሪን ንምትእስሳር ኣብ ስምምዕ ከምእተበጽሐ ኣረጋጊጾም።



ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ግብጺ ምሉእ ደገፉ ንልኡላውነት፡ ሰላምን ርግኣትን ኤርትራ ኣረጋጊጹ።

ኣብ ጸጥታ ቀይሕ ባሕርን ዞባዊ ጉዳያትን ድማ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስን ፕረዚደንት ኣልሲሲን፡ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ሃገራት ዘኽብር መትከላት ኣህጉራዊ ሕጊ ብጥብቂ ክኽበር ኣዝዩ ኣገዳሲ ምዃኑ ከምእተሰማምዑ ብምጥቃስ፡ ሃገራውያን ትካላት ዓንዲ ሕቖ ርግኣትን ምዕባለን ስለዝኾኑ፡ ኣብ ዝኾኑት ሃገር ንምሕያለን ምስራሕ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ኣገንዚቦም።

ሚኒስተር ዑስማንን ሚኒስተር በድርን ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ መንጎ ሰበ-ስልጣን ኤርትራን ግብጺን ኣብ ኣስመራን ካይሮን ዝግበር ርክባት ከምኡ'ውን ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን መድረኻት ዝሀሉ ምውህሃድ ከምዝቕጽል ኣረጋጊጾም።

# ደቀምሓረ - ውዳበ ግዱሳት ሲቪል ሰራሕተኛታት፡ መደብ ዋርሳ ወዲቡ

ውዳብ ግዱሳት ሲቪል ሰራሕተኛታት ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ፡ ኣብ መበል 39 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ናብ ሳዋ ንዝዐበሱ ተመሃሮ 11 ክፍሊ፡ ኣብ ምውርራስ ቅያታት ገድሊ ዘተኩረ መደብ ዋርሳ ወዲቡ።

እቶም ተመሃሮ፡ ናብ'ቲ ሓያል ራብርብ ዝተኻየደሉ ቦታታት ማይዕዳጋ፡ ዓዲ ጎልጎል፡ ትኸልን ወጣሕን እግሪ ጉዕዞ ብምኻያድ፡ ብሰብ ወዕሎ ዛዘሚ ኩናት ግንባር ደቀምሓረ ኣብ ዝተዋህበ ኣብ'ቲ ቦታታት ንዝተፈጸሙ ቅያን ጅግንነትን ዝትርኽ መግለጺታት፡ ግንባር ደቀምሓረ በሪ ናጽነት ኤርትራ ዝርሓወ እምነኩርናዕ ዓወት ህዝባዊ ግንባር ምንባሩ፡ ኣብ'ቲ ደማዊ ኩናት ዝተኻየደሉ ዝበረ ዓድታት ዝነበር ህዝቢ ድማ፡ ብፆሪልን ሰንቅን እናደገፈ ኣብ ምዕዋት ናይ'ቲ ገድሊ ልዑል ኣበርክቶ ከም ዘበርከተ ተገሊጹ።

ታሪኽ ናብ ወለዶታት ምትሕልላፍ ተራ ናይ ወለዲ ጥራይ ከኸውን ከም ዘይግባእ ዘተኣኸረ ኣብ ወደብኣ ናይ'ቲ መደብ መምህር የናስ ጉብረሂወት፡ ብፍላይ ኣብያተ-ትምህርቲ ኳታኺ ኣካደሚያዊ ትምህርቲ ተመሃሮኣን ሕሉፍ ታሪኽ ህዝቦምን ሃገሮምን ዝወርሱሉ ኣጋጣሚታት ክውደብ ኣተሓሳሲቡ።

ተመሃሮ ብወገኖም፡ እቲ መደብ ዘለዐበን ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራን ንስለ ናጽነት ዝተኸፍለ ዋጋን ብዕምቆት ንኽፈልጡ ልዑል ድርኺት ከም ዝፈጠረሎም ብምሕባር፡ ተመሳሳሊ መደብ ብቐጻሊ ክውደብ ጸዊዖም።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ኣቶ የማነ ኣብራ ብወገኑ፡ ማዕረ-ማዕረ'ቲ ብመጽሓፍን ሰነዳዊ ፊልምታትን ሕሉፍ ታሪኽና ንምፍላጥ ዝግበር ጻዕርታት፡ ብኣርኣያነት ሰብ ወዕሎ ዝግበር ናይ ምዝንታው ተበግሶታት ኣብ ወረስቲ ፍሉይ ጦብላሕታን ዝኸርን ስለዝሰርጽ፡ ብዘይዳ ከዶፋኣሉ ተላቢዩ።



# ሞልቀ - ቁጽጽር ምብራስ ኣግራብ እወታዊ ውጽኢት ይርከቦ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሞልቀ፡ ብምትሕብባር ህዝቢ፡ ሓይልታት ምክልኻልን ኣባላት ቁጽጽር ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ዝካየድ ዘሎ ልዑል ጻዕሪ ኣብ ምክልኻል ሃብቲ ገረብን እንስሳ ዘገዳምን እወታዊ ውጽኢት ይርከቦ ከም ዘሎ ተሓቢሩ።

ወኪል ብዓልስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ጎዕሽ ተወልደ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ጉቲ-ጉቲ'ቲ ናይ ሓለዋ ስራሕ፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ ክብ ንምባል ዝውደብ ኣኼባታትን ኣስተምህሮታትን'ውን ዘይተፃቐ ኣስተዋጽኦ ከም ዘበርከተ ብምጥቃስ፡ ዘይሓላፍነታዊ ተግባራት እናንደለ ብምምጻኡ ሽፋን ኣግራብን ህላወ እንስሳታት ዘገዳምን ናብ ንቡር ይምለስ ከም ዘሎ ገሊጹ።

ምምሕዳራት ከባቢ ደምበጠረር፡ ፎውሊና፡ ትኹል፡ እንቃዕምናስ፡ ሊጥ፡ ዓዲ-ጸጸር፡ ደምበዱማ፡ ጀጃሕን ጎናይ-ሶጥላን ኣብ ምቍጽጻርን ምስሳንን ሃብቲ ገረብን እንስሳ ዘገዳምን ብኣበት ዝጠቀሱ ምዃኖም ዝሓበረ ኣቶ ጎዕሽ፡ ኣብ ገለ ከባቢታት ብሸለልትነት ጓሶት ዝኸሰት ሓደጋታት ባርዕ ሓዊ፡ ኣብ ኣግራብ፡ እንስሳ ዘገዳምን መዝሙጫታትን ከቢድ ጉድኣት የውርድ ስለዘሎ፡ ዕቱብ ጥንቃቐ ክግበር ኣተሓሳሲቡ።

ኣባላት ቁጽጽር ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ፎውሊና ብወገኖም፡ ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ናብ ንቡር ንምምላስ ምስ ህዝቢ ብምትሕብባር ዘካይድዎ ዘለዉ ልዑል ናይ ምቍጽጻር ስራሕ ውጽኢቱ ኣብ ባይታ ይርአ ብምህላው፡ ብዝሓየለ ንኽሰርሑ ከም ዘተባብዖም ገሊጾም።



ኣብ ንኡስ ዞባ ሞልቀ፡ ኣብ ቁጽጽር ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ዝተዋፈሩ ብጠቕላላ 31 ኣባላት ኣለዉ።

# ፎሮ - ልዕሊ ሓደ ሽሕ ሄክታር ዘስቲ መእለዩ ውሕጅ ተሰሪሑ

ጨንፈር ሕርሻ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ፎሮ - ምምሕዳራት ከባቢ ዙላን ኣፍታን ልዕሊ ሓደ ሽሕ ሄክታር ዘስቲ መእለዩ ውሕጅ ሰሪሑ።

ነቲ ስራሕ ዝመርሐ ክኢላ ሕርሻዊ ምህንድስና ኣቶ የውሃንስ ተስፋይ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ምስራሕ ናይ'ቲ 30 ሜትሮ ዝንውሓቱ ብእምኒን ቸሜንቶን ዝተሃንጸ መእለዩ ውሕጅ፡ ብድምር ልዕሊ 140 ሽሕ ጉልበት ሰብ ከም ዝተሳተፈ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ስራሕ ዝተሳተፉ ነበርቲ ኣፍታን ዙላን ብወገኖም፡ ቅድሚ ሕጂ ብጉልበቶም ብልሙድ ጥራይ ይሰርሕዎ ብምንባሮም ምስ ምብርታዕ ውሕጅ ቀልጢፉ ይፈርስ ከም ዝነበረ ብምዝካር፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ግን ብክኢላታትን ብእምኒን ቸሜንቶን ስለዝተሃንደቐ፡ ዘላቒ ፍታሕ ከም ዝረኸቡሉ ሓቢሮም።

ሓላፊ ሕርሻ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ተስፋይ ተወልደ ብወገኖም፡ እቲ ከባቢ ዓበይቲ ሩባታት ስለዝወርዶ፡ ነበርቲ ብኣበዕርን ጉልበትን ከም'ኡ'ውን ብሓገዝ ማሽነሪ ዘሰላሰልዎ ዝነበሩ ማይን ሓመድን ናይ ምዕቃብ ስራሓት ከም'ቲ ዝድለ ውጽኢት ደርከቦ ከም ዘይነበረ ብምግላጽ፡ እቲ ሕጂ ተገይሩ ዘሎ ብእምኒ ናይ ምንዳቕ ስራሕ ግን ነቲ ናብ ባሕሪ ዝፈስስ ዝነበረ ውሕጅ ኣብ መዓላ ንምውዓል ከም ዝሕግዝ ኣብሪሁ።

# ገለብ - ሓደስቲ ኣብያተ-ትምህርቲ ይህነጻ



ኣብ ንኡስ ዞባ ገሉብ፡ ብልዑል ተሳትፎ ህዙበን መንግስትን ዝህነጽ ዘለዋ ትካላት ትምህርቲ፡ ጠለብት ህዝቢ ክምልሳ ትጽበ ከም ዝተገበረለን፡ ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ዐስማን ኣደም ገሊጹ።

ንመስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ብኣሉታ ክጸሉ ንዘጸንሐ ጸገም ኣብያተ-ትምህርቲ ንምፍታሕ ብዘሳትፎ ከምን መንግስትን ኣብያተ-ትምህርትን ተወሳኺ ክፍልታትን ይሰርሕ ከም ዘሎ ብምሕባር፡ ሎሚ ዓመት ናብ ማእከላይ ደረጃ ዝተሰጋገረት ቤት-ትምህርቲ ታብልንጄ 10 መማሃሪ ክፍልታት ከምእተሰርሓላ፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ኣይጦብ ናይ መባእታ ቤት-ትምህርቲ ከምእተሃንጸት፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ካሉቅ ድማ ትካል ቅድመ-ትምህርቲ ትስራሕ ከም ዘላ ኣብሪሁ።

ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ሓላፊ ሱዑምምህርና መምህር ዓብዱራሕማን መሓመድኑርን ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ገሉብ ሸኽ ዓሊ ብእምነትን ብወገኖም፡ በብእዋኑ ብህዙበን መንግስትን ንዝዋደድ ዘሎ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ድሕሪ ምምስጋኑ፡ ንመስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ኣጸጊሙ ዝጸንሐ ጸበት መማሃሪ ክፍልታት ምሉእ ፍታሕ ክግበረሉ ምዃኑ ኣረጋጊጾም።

ልዕሊ 70 ሽሕ ነበርቲ ዘለውዎ ንኡስ ዞባ ገሉብ፡ ካብ ከተማ ከረን 60 ኪሎ-ሜተር ንሸነኽ ሰሜናዊ ምብራቕ ርሒቑ ይርከብ።

# በሪኽ - ብሞያ ዝሰልጠኑ 295 መንእሰያት ተመሪቖም

ኣብ ንኡስ ዞባ በሪኽ፡ ካብ 3 ክሳብ 6 ኣዋርሕ ብሞያ ዝሰልጠኑ 295 መንእሰያት፡ ብ6 ሰነ ተመሪቖም።

ሰልጠንቲ ብሰዑጽሑፍ፡ ኣተኣላልያ ፊልም፡ ኣጸጋሕኑ ግጥምን ልቡ ወለድ ዛንታን ከም'ኡ'ውን ብቐዳማይ ረድኤት'የም ብምዝብርን ክልሱሓሰበን ሰልጢኖም።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ በሪኽ ኣቶ ተስፉ ፍስሓጽዮን ብወገኑ፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰምዎ ሞያ ብግብራዊ ስራሕ ብምትርጓም መጻኢኦም ከውሕሱ ድሕሪ ምዝኽኻር፡ ነቲ ስልጠና ንዘወደበ ሃመመተኤን መሻርኽቱን ኣመስጊኑ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ማእከል ኣቶ ሳምሶም ክፍለ ድማ፡ ብቐዕ ሞያ ዝቐሰመ መንእሰይ፡ ኣብ ህንጸት ሃገር ዓቢ እጃም ከም ዘለዎ ብምግላጽ፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰምዎ ስልጠና ብስራሕ ከዕብይዎ ተላቢዩ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ዝኽሪ ሰነ

## ጥርዚ ኩሉ ወራራት፡ ‘ኣላሽ’ ዝበለላ ወርሒ

ኣሴር ሰለሙን

እዛ ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ እምብዛ ረዛን ዕለት 20 ሰኔ መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ኮይና ክትዝከር ዝተመርጸትሉ ምኽንያት፡ እቲ ብዕብየቱን ሓደገኛነቱን ጥርዚ ኩሉም ወራራት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ዝኾነ ሻድሻይ ወራር (ብኣጸዋውዓ ስርዓት ደርግ ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ) ድሕሪ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ዝወሰደ መሪርን ደማዊን ምርብራብ ብፍሽለት ዝብቅዓላ ዕለት ብምዃና እዩ። ተጋዳላይ፡ ኑቲ ስርዓት ደርግ ክልተ ዓመት ምሉእ ሰፊሕ ምድላዋት ገይሩ፡ ብልዑል ርእሰ-ተኣማንነት፡ ሰውራ ኤርትራ ሓንሳብን ንሓዋሩን ክድምስስ ምዃኑ ብኣዋጅ ኣፍሊጡ ዘንቀሎ መጠነ ሰፊሕ ወራር መኪቱ ንምፍሻል ብዙሕ መስዋእቲ እዩ ከፊሉ። ኣብዚ ናይ ሞትን ሕየትን መሪር ጥምጥም፡ ልዕሊ 2700 ሕሩያት ጀጋኑ ደቂ'ዛ መሬት መስዋእቲ ክኾኑ ከለዉ፡ ልዕሊ 5000 ተጋደልቲ ከምዝቖሰሉ ሰነዳት ሓርነታዊ ቃልሲ ይሕብሩ።

ሻድሻይ ወራር፡ ብ15 ለካቲት 1982 ጀሚሩ ብ20 ሰነ 1982 እዩ፡ ብፍሽለት ተደምዲሙ። እዚ ፍጻመ'ዚ ሎሚ መበል 44 ዓመቱ'ዩ። 20 ሰነ ኣብ እንዝከረሉ እምበኣር፡ ኑቲ ኣገራሚ መኸተ ኤርትራዊ ተጋዳላይ ኣብ ሻድሻይ ወራር ምጉላሑ ኣገዳሲ እዩ። ኩሉ ከምዝፈልጦ፡ ታሪኽ ሻድሻይ ወራር፡ ብሓደ ዓንቀጽ ናይ ጋዜጣ ዝግለጽ ኣይኮነን። ዓቢ መጽሓፍ ጽሒፍካ እውን ብምልኣት ክትገልጾ ዝከኣል ኣይኮነን። ዝኽሪ ንምሕዳስ ግን፡ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ጽማቑ ሓበሬታ ናይቲ ወራር ሒዛትልኩም ቀሪባ ኣላ።

### ግጥማት ሻድሻይ ወራር ብሓጺር

ካብ መፋርቕ 1978 ጀሚሩ ክሳብ ሓምለ 1979፡ ስርዓት ደርግ፡ ብገዚፍ ደገፍ ርእሰ ሓያል ሕብረት-ሶቭየትን መሻርኽታ፡ ሰውራ ኤርትራ ንምጭፍላቕ ዝካየዱ ሓሙሽተ ተኸታታሊ ወራራት ተሓምሺሹ፡ ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ታሕሳስ 1979 ኣብ ግንባር ናቕፋን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን መጥቃዕታዊ ተበግሶ ብምውሳድ ዓቢ ወተሃደራዊ ዓወት ድሕሪ ምጉንጻፉ፡ ደርግ ከም ብሓድሽ ንሰውራ ኤርትራ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ክጭፍልቕ ዝኽእሎ ዓቕሚ ንምድላብ፡ ንክልተ ዓመት መመላእታ (1980-1981) ኣብ ሰፊሕን ወሳኒን ምድላዋት ተጸሚዱ'ዩ ኣሕሊፉዎ። ዘድሊ ምድላዋት ድሕሪ ምጽፋፍ ከኣ፡ ሰውራ ኤርትራ ሓንሳብን ንሓዋሩን ካብ ገጽ መሬት ንምሕካኽ፡ “ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ” ኢሉ ዝሰመዮ፡ ናይ መወዳእታ ክኸውን ዝተሓሰበ ወተሃደራዊ ወፍሪ ኣበገሰ።

ስርዓት ደርግ፡ ኣብ ርእሲ ዘይተቛረጸ ደገፍ ኣጽዋር፡ ኣብ ወተሃደራዊ ስትራተጂ፡ ምኽሪ ወተሃደራዊ ክኢላታት ሕብረት-ሶቭየትን መሻርኽታን ሰኒቑ ብዝገበሮ ልዑል ምድላዋት ምሒር ተኣማሚኑ ነበረ። በዚ ድማ ምድምሳስ ሰውራ ኤርትራ ከሎ ገና ከበስር ተጓይዩ። ኣብ ጥሪ 1982፡ ካብ መላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝተወከሉን ወጻእተኛታት ደገፍቱን ዝተረኽቡሉ ዓቢይ ዋዕላ ኣብ ኣስመራ ብምቕናዕ “ኣስመራ ሚፈሱቶ” ዝተሰምየ ወግዓዊ ኣዋጅ ኣሕለፈ።

ነዚ ብዓይነቱ ካብቶም ቅድሚኡ ዝተኻየዱ 5 ወራራት ፍልይ ዝበለ ዓቢ ወተሃደራዊ ወፍሪ'ዚ ንምዕዋት፡ ስርዓት ደርግ፡ “ላዕለዋይ እዚ ውጥን ወተሃደራዊ ወፍሪ” (ወተሃደራዊ ዘመቻ እቅድ መምሪያ) ዝተሰምየ ኣካል ብምቛም፡ ኑቲ ቅድሚኡ ብዋብረሃይልታት ዝነበረ ኣቃውማ ገዲፉ፡ ሰራዊቱ ብእዝታት ወደቦ። በዚ መሰረት ሰለስተ እዝታት ኣቘመ። ‘ውቃው እዝ’ ኣብ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል፡ ‘መብረቅ እዝ’ ኣብ ግንባር ባርካ፡ ‘ናደው እዝ’ ኣብ ግንባር ናቕፋ። መንግስቱ ሃይለማርያም ድማ፡ ከም ላዕለዋይ ኣዛዚ ሰራዊት፡ ኑቲ ኩናት ብቐረባ ንምምራሕ ብሶቭየታውያን ወተሃደራዊ ኣማኸርቲ ተዓጂቡ ኣብ ኣስመራ መኣዘዚ ነቑጣ መስረተ።

ኣብቲ ናይ ክልተ ዓመት ምድላዋቱ፡ ስርዓት ደርግ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ኤርትራ ኣቐዲሙ ዝጸንሐ ዓቕሚ፡ ተወሳኺ 120,000 ሰራዊት ኣሰሊፉ፡ ብዘይሓገዘ ታንክታት ጎቦታት እናሓኾሩ፡ ምስ ተጋደልቲ ክገጥሙ ዝኽእሉ፡ ሃሩርን ኣጻምእን ዝጻወሩ ወተሃደራት ብምስልጣን፡ “ተራራ” ዝተሰምያ ፍሉያት ክፍላተ-ሰራዊት (ክፍለ-ጦራት) ኣቘመ። እዘን ክፍለ-ጦራት፡ ኣብ ኣጻምእ ኦጋዴን፡ ፍሉይ ታዕሊም ወሰዳ። ብድሕሪኡ፡ ኣብ ሰፊሕ ከባቢታት ትግራይ ዳህሳስ ብምክያድ፡ ኣብ ልዕሊ ሓይልታት ህወሓት መጥቃዕቲታት እናፈጸማ፡ ግብራዊ ናይ ውግእ ልምምድ ኣካየዳ። ነዚ ዕማም'ዚ ፈጺመን ናብ ኤርትራ ምስ ሰገራ ከኣ፡ “ኣልፋ-ፕሮጀክት” ብዝተሰምየ ስርሒት፡ ኣብ ድሕሪ መስመር ጸላኢ ንዝንቀሳቐሱ ተጋደልቲ ንምጽራይ ሰፊሕ ወፍሪ ኣካየዳ። እዚ እናገበረ፡ ስርዓት ደርግ፡ ምንቅስቓስ ደጀን ህዝባዊ ግንባር ንምልማስ እውን፡ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ሳሕል ብለይቲን ብቐትሪን ንልዕሊ ሓደ ወርሒ ብዘይምቁራጽ ዝቐጸለ ብርቱዕ ደብዳብ ነፈርቲ ኣካየደ።

ኣብዚ ወራር'ዚ፡ ጸላኢ ኣብ ኣጽዋር፡ ቅድሚኡ ዘይነበረ ብዝሒ ዘለዎ ናይ 130 ሚ.ሚ. መዳፍዕ ክውስኽ እንከሎ፡ ሽዑ ዘመናውያን ዝነበራ ሓደስቲ MI-24 ሄሊኮፕተራት ውግእ እውን ኣዳለወ። ኣብ ርእሲ'ዚ ደርግ፡ መርዛም ጋዝ ክጥቀም ምዃኑ ሓበሬታታት እናናፈሰ፡ ኣብ ተጋደልቲን ህዝቢን ጭንቀት ንምፍጣር ሰፊሕ ስነ-ኣእምሮኣዊ ዘመተ ተታሓሒዙዎ ነበረ።

ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ መወዳእታ 1979 ኣብ ግንባር ናቕፋ፡ ኣብ መጀመርታ 1980 ድማ ኣብ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል መጥቃዕቲ ወሲዱ ኣብ ልዕሊ ወራሪ ሰራዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ዓቢ ዓወት ብምምዝጋቡ፡ ኣብ ግንባር ናቕፋ፡ ካብ እምባ ደንደን ነቒሉ ክሳብ ከባቢ ዓሽርም ብጼሑ ብምንባሩ፡ ኣብ ድሮ ሻድሻይ ወራር፡ ህዝባዊ ሰራዊት ብሸነኽ ናቕፋ፡ ናብ ኣፍዓበት ዘቋምት ዕርድታት ሒዙ ነበረ። የግዳስ፡ ምስ ምቅርራብ ሻድሻይ ወራር፡ እዚ መከላኸሊ መስመር'ዚ (ግንባር ኣፍዓበት) ግጥም ከይተኻየደሉ ናብ ሕዳይ ከምዝስሕብ ተገብረ።

ማዕረ ማዕረ'ቲ ጸላኢ ዘካይዶ ዝነበረ ምድላዋት፡ ተጋዳላይ እውን ኑቲ ወራር ንምምካት ዓቕሙ ዘፍቅዶ ምቅርራባት ይገብር ነበረ። ብፍላይ እቲ ስነ-ቀመማዊ ኩናት ሓድሽ ተርእዮ ስለዝነበረ፡ ኑብሱ ከመይ ገይሩ ከም ዝከላኸል እናተማህረ፡ ልዑል ስነ-ኣእምሮኣዊ ምቅርራብት ገበረ። ኣብ ኣቋውማ ሰራዊት፡ ሓንቲ ሓዳስ ብርጌድን ካብ ኮለን ኣሃዱታት ዝተዋጽኣ ሰለስተ ፍሉያት ቦጦሎኒታትን ከምዝውሰኻ ተገብረ። ኣብ ክፍልታት ህ.ግ. ካብ ዝነበሩ ተጋደልቲ እውን ገለ ክፋሎም ናብ ተዋጋኢ ሰራዊት ከምዝኸዱ ተገብረ።

ኣብ ድሮ ሻድሻይ ወራር እምበኣር፡ ኣብ ግንባር ናቕፋ፡ ብርጌዳት 51፡ 77 ከምኡ'ውን ክልተ ቦጦሎኒታት ናይ ብርጌድ 58፣ ኣብ ግንባር ባርካ ብርጌድ 70፡ ሓደ ቦጦሎኒ ናይ ብርጌድ 58 ክልተ ቦጦሎኒ ናይ ብርጌድ 23፣ ኣብ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል፡ ብርጌዳት 44፡ 31፡ 4፡ ሓደ ቦጦሎኒ ናይ ብርጌድ 23 ከምኡ'ውን 2 ቦጦሎኒ ከቢድ ብረት ናይ ብርጌድ 76 ዓሪደን ነበራ። እተን ሰለስተ ፍሉያት ቦጦሎኒታት 73፡74፡75 ከኣ፡ ተጠባበቕቲ ኮይነን ይጽበያ ነበራ።

ወተሃደራዊ ውጥን ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ፡ ንሰራዊት ህዝባዊ ግንባር፡ ብኹሉ ወገን እንተላይ ብመሬት ሱዳን ተጠዊኻ ኣብ ከበባ ብምእታው፡ ኣብ ውሽጢ 2 ወይ 3 ሰሙን ምሉእ ብምሉእ ምድምሳስ እዩ ነይሩ። እዚ ገዚፍን ነዊሕ ምድላዋት ዝተገብረሉን ናይ መወዳእታ ክኸውን ዝተሓሰበ ደምሳሲ መጥቃዕቲ ድማ፡ ናብ 15 ለካቲት 1982 ኣብ ዘውግሐ ለይቲ፡ ኣብ ሓደ ሰዓት ብግንባራት ናቕፋ፡ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል፡ ባርካን ሓልሓልን ተወልዐ።

እዚ ናይ ሞትን ሕየትን ግጥም ምስ ተጀመረ፡ ብሸነኽ ባርካ ካብ ዓዳየት ክሳብ ሰልዓ ዝዘርጋሕ ሓድሽ ግንባር ዝኸፈተ ዓቢ ክፋል ሰራዊት ደርግ ‘መብረቅ እዝ’፡ ኣብ ውሽጢ ናይ ሳልስቲ ውግእ፡ ኣብ ድባያ ህዝባዊ ሰራዊት ኣትዩ ተደምሰሰ። እዚ ናይ ግንባር ባርካ ስዕረት፡ ፍሽለት ሻድሻይ ወራር ከሎ ገና ዘኣመተ እዩ ነይሩ። ስርዓት ደርግ፡ ብባርካ ዘበገሶ መጥቃዕቲ፡ ብዙሕ ክስጉም ከምዘይክእል ምስ ተረድአ፡ ብኡ ንቡኡ ተረፍ-መረፍ ሰራዊቱን ኣጽዋሩን ኣኻኺቡ ብቕጽበት ናብ ግንባር ናቕፋ እዩ ደሪብዎ።

ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል፡ ኣብ ቀዳሞት ሰሙናት ናይቲ ወራር፡ ‘ውቃው እዝ’፡ ብጸጋም መሬት ሱዳን ተኣሊሉ ንደምበቤት ተቘጻጺሩ፣ ብየማን ብፋሕ፡ ዜሮ ኣቢሉ ክሳብ'ቲ ቀንዲ ሽቶኡ ጎቦ መሸዓሊብ ብምብጻሕ ንግዜኡ ከቢድ ጸቕጢ ክፈጥር ክኢሉ ነበረ። የግዳስ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ኑቲ ብመሸዓሊብ ዝወፈረ ሓይሊ ጸላኢ ንሰሙናት ዝኣክል መኪቱ ዘፍ ድሕሪ ምባል፡ ብሸነኽ ዶምበቤት ጸረ-መጥቃዕቲ ወሲዱ፡ ንውጥን ከበባ ወራሪ ሰራዊት ደርግ ኣበርዓኖ።

ኣብ ሻድሻይ ወራር እቲ ዝበርትዐ ብዙሕ መስዋእቲ ዝተኸፍሎ መሪር ውግኣት ዝተኻየደሉ ቦታታት፡ ኣብ መንጎ ግንባራት ናቕፋን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ዝነበረ ኣብ እዋን 5ይ ወራር ሳልሳይ ግንባር ተባሂሉ ዝተጸውዐ ቦታታት እዩ ነይሩ። ጸላኢ ብደብረጥሉል ናብ ኣግራዕ ወሪዱ መስመር ናቕፋ-ደጀን ክበትኽ ዝገበሮ ምንቅስቓስ ድማ፡ ዝያዳ ኩሉ ሓደገኛ ነበረ። ብምብራቓዊ ኣጻድፍ ናሮ ሓኹሩ፡ ናቕፋ ክኣቱ ዝተንቀሳቐሰ ሰራዊት እውን፡ ኣብ ኣፍደገ ናቕፋ ንዝርከብ ስትራተጂያዊ ቦታ ብራኸ 1702 ድሓር “ታባ-ውፉያት” ዝተሰምየ፡ ብምቁጽጻር፡ ኣብ መጀመርታ ናይቲ ኩናት ኣዝዩ ሓደገኛ ኩነት ፈጢሩ ነበረ። በዚ ከኣ፡ ኣብ ሕዳይ ዝነበረ ድፍዓት ህ.ሰ. ናብቲ ናይ ቀደም መከላኸሊ መስመር፡ የማነ-ጸጋም እምባ ደንደን ከምዝስሕብ ተገብረ።

ብ16 ለካቲት ቀትሪ፡ ብሩባ ምሕናቕ ናብ መንደዓት ዝሓኸረ፡ “ኣንበሳ” ዝብል መጸውዒ ዝነበሮ ምሩጽ ሰራዊት ደርግ 3ይ ክፍለ-ጦር ጸላኢ፡ ብርቱዕ ሓይሊ ስለዝነበሮ፡ ኣብቲ ከባቢ ዝነበራ ገለ ቦጦሎኒታት ህዝባዊ ሰራዊት፡ ካብቲ በረኽቲ ቦታታት ተደፊኣን ናብ ጎላጉል ኣግራዕ ወረዳ። እቲ ኩነታት ከቢድ ስግኣት ስለዝፈጠረ ከኣ፡ ኣብ ክፍልታት ደጀን ዝጸንሑ ተጋደልቲ፡ ምስተን ቦጦሎኒታት ከም ዝጽንበሩ ተገብረ። ነዊሕ ከይጸንሐ ግና፡ እዘን ኣሃዱታት ተወሳኺ ሓይሊ ደሪበን ብምውድዳብ ጸረ-መጥቃዕቲ ፈንየን፡ ብዙሕ መስዋእቲ ከፊለን ንጸላኢ ካብ ከባቢ ኣግራዕ ጸሪገን፡ ኣብ በረኽቲ ጎቦታት መእደነን ዓንቀር ጸሊምን ከም ዝድረት ገበራኦ።

ድሕሪ'ዚ ዕውት ጸረ-መጥቃዕቲ'ዚ፡ ግንባራት ናቕፋን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ተላጊቡ፡ ካብ ደምበቤት ክሳብ ሮራ-ሓባብ ኣብ ዝተዘርግሐ መከላኸሊ መስመር ኣዝዩ መሪር ምርብራብ ቀጸለ። ሰራዊት ደርግ፡ ብዘኾነ ዋጋ ናቕፋ ንምቁጽጻር ናይ ዓቕሊ-ጸበት ውግእ ኣካየደ። እቲ ከቢድ ምርብራብ ንልዕሊ 10 መዓልታት ብዘይእስትንፋስ ድሕሪ ምቕጻሉ ከኣ፡ ብ26 ለካቲት፡ ኣብቲ ጸቕጢ ፈጢሩ ዝነበረ ሳልሳይ ግንባር፡ ህዝባዊ ሰራዊት ጸረ-መጥቃዕቲ ወሲዱ፡ ኑቲ ወራሪ ሰራዊት ንጉልጎል ናሮ ኣጽደፎ። ብድሕሪ'ዚ፡ ንህዝባዊ ሰራዊት ኣኽቢቡካ ምድምሳስ ዝብል ውጥን ከምዘይከኣል ብሩህ ኮነ። እንተኾነ መምለስ እግሪ “ብውሑዱ ናቕፋ ምቁጽጻር!” ዝብል ናይ ዓቕሊ-ጸበት መጥቃዕቲታት ቀጸለ። ካብ ከባቢ መንደዓት ክሳብ ደንደን ዕርዲ ፈርሴሎን ኣብ ዝነበረ መከላኸሊ መስመር ከኣ፡ ሰራዊት ደርግ ኣሃዱታት እናቐያየረ፡ ንኣርባዕተ ኣዋርሕ፡ ብጽዑቕ ደብዳብ ከበድቲ ኣጽዋራትን ነፈርትን እተሰነየ፡ ግናኸ ፍረ ዘይተረኽቦ ብርቱዕ ምርብራብ ኣካየደ። ኣብ ዕርድታት ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል እውን ብተመሳሳሊ። የግዳስ ኣብዚ ናይ ኣዋርሕ ከቢድ ምርብራብ ዕርድታት ህዝባዊ ሰራዊት ነቕ ኣይበለን፡ ሻድሻይ ወራር ከኣ ብ20 ሰነ 1982 ብዓወት ህዝባዊ ሰራዊት፡ ብፍሽለት ወራሪ ሰራዊት ደርግ ተደምደመ።

ኣብ ሻድሻይ ወራር ስርዓት ደርግ ኣሽሓት 50,000 ሰራዊት ኣጥፊኡ፡ ከቢድ ሰብኣዊን ንዋታዊን ክሳራ ተሰከመ። ህዝባዊ ሰራዊት ዝኸፈሎ ዋጋ እውን ቀሊል ኣይነበረን። ልዕሊ 2700 ብሉጻት ኤርትራውያን ተጋደልቲ ተሰዊኦም ልዕሊ 5000 ቆሲሎም ክበሃል ከሎ፡ ዳርጋ ፍርቂ ዓቕሚ ናይቲ ሽዑ ዝነበረ ተዋጋኢ ሰራዊት ህ.ግ. ምዃኑ እዩ።

ሻድሻይ ወራር፡ ሰውራ ኤርትራ ክስዕርን ዘይክስዕርን ኣብ ከቢድ ፈተነ ዝኣተወሉ፡ ተጋዳላይ፡ ብጥሙይ ከብዱ ኣብ ጠልጠል ኣጻድፍ እናሓደረን እናውዓለን፡ ብዓቕሚ ኣዝዩ ምስ ዝተዓጻጸፈ ሰራዊት ገጢሙ፡ ክቡር መስዋእቲ ከፊሉ፡ ነዚ ፈታኒ መድረኽ ብዓወት ሰጊሩ፡ ቀጻልነትን ተዓዋትነትን ሰውራ ዘረጋገጸሉ፡ ጽንዓትን ጅግንነትን ህዝቢ ኤርትራ ደሚቑ ዝወጸሉ ፍሉይ ታሪኻዊ መድረኽ እዩ። 20 ሰነ፡ መበል 44 ዓመቱ እንዝከረሉ ኢጋጣሚ እምበኣር፡ ነዚ ፍሉይን ድንቂን ዘሐብን ጅግንነታዊ ፍጻመ'ዚ ብልዑል ሃገራዊ ሓበን ክነድምቖ ይግባእ እዩ።



### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መቓልሕ መንእሰያት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ቡያ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ዕላል ጥበባት |
| 15:25 | ፊልም - ኣረዌት (ብዓዌት) |
| 16:40 | ናትራን (1ይ ክፋል) |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ናትራን (2ይ ክፋል) |
| 18:40 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ምስ ተዋሳኣቲ ፊልም ክብረት ዝተኻየደ ዕላል |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ፈንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት |

# ሸባብ

ሃማመተኤ

## ሓሳባት

# ስርዓት መሰረት ኩሉ ዕብየት።

**ፋርስ ዮሴፍ**

ኣብ ሓደ ሃገር፡ ኣብለጭለጭቲ ነገራት ከም ቀንዲ መለክዒ ስልጣነ ክውሰዱ ንርኢ ኢና። ኣብ ድሩት ከባቢ ዝህነጹ ሰማይ ጠቀስ ህንጻታት፡ ውቁብ መዘናግዒ ቦታታት፡ ወሃብቲ ኣገልግሎታት፡ ማእከል ንግዲ፡ ዕዳጋታት፡ ወዘተ... ካብ ገጽ መራኸቢ ብዙሃን ስለ ዘይእለዩ፣ ከም ዉሁብ መዐቀኒታት ምዕባለ እዮም ዝውሰዱ። ኣብ ከምዚ ዝኣምሰለ ኩነት ዝነብር ህዝቢ፡ ቀንዲ ሕመረት ማሕበራዊ ስልጣነን ኩለንትናዊ ምዕባለን ስለ ዘይብሉ፡ ኣብ ቀጻሊ ዘይርጉእነት'ዩ ዝነብር። እዚ ንብማዕዶ ዝዕዘብ ሰብ፡ ስግንጢራዊ ኩነት (Paradoxical Situation) ክኾኖ ይኽእል እዩ። እቲ ዋና ነገር ግን፡ መሰረት ምዕባለ ሕብረተ-ሰብ ብግቡእ ዘይምግንዛብን ግቡእ ትንተና ዘይምህላውን'ዩ።

እቲ ቀንዲ - ዝበዝሐ እዋን ዘሎ ዝመስል፡ ምህላዉ ግን ዕቱብ ምርግጋጽ ዝደሊ መሰረትን መዐየርን ምዕባለ ስርዓት (Order) እዩ። ሓደ ሕብረተ-ሰብ ስልጡን ወይ ምዕቡል ዝብልዎ ረቛሒታት ብዙሓት እኳ እንተኾኑ፡ ስርዓት ግን ኣውራ'ዩ።

ስርዓት፡ ግቡእ ግንዛቤ ዝውንን፡ ማሕበረ-ፖለቲካዊ ርግኣት ዘለዎ፡ ርትዓዊ ቅርጺ ሕብረተ-ሰብን ምሕደራን ኮይኑ፡ ሓደ ሕብረተ-ሰብ፣ ብጸቢብነትን ወገናውነትን ዝድረኽ ፋሉልነት (Anarchism) ወጊዱ፣ ናይ ሓባር ሃገራዊ መርሓ ክህልዎ ዘኽእሎ ቀንዲ ማሕበረ-ፖለቲካዊ ባእታ እዩ። ስርዓት ኣብ ሓጺር ግዜ ዝፍጠር ኣይኮነን። ብዙሕ ወለዶታት ዘሳትፍ፡ ብዙሕ ዋጋ ዝሓተት ነዊሕ መስርሕ እዩ። ኣብዚ መስርሕ ዝፍጠሩ ናይ ሓባር ታሪኽ፡ ቃልስን ባህልን ድማ ቀንዲ ረቛሒታት ይኾኑ።

ስርዓት ቅድሚ ሓርነት እዩ ዝስራዕ። ብዘይ ስርዓት ሓርነት ክህሉ ኣይክእልን። ዋላ'ውን ስርዓት ኣልቦነት ንምእራም ዝግበር ሓራ ቃልሲ ብዘይ ስርዓት ክዉን ክኸውን ኣይክእልን - ስርዓት ኣልቦነት ብዘይ ስርዓት ኣይእረምን። ስርዓት ዘይብሉ ሕብረተ-ሰብ - ኣብ ሓደ ሃገር፡ ብትሕተ-ሃገራዊ ኩነት ተኸቢቡ፡ ካብ ሓድሕድ ምክብባር ርሒቑ፡ ኣብ ቀጻሊ ህውከትን ዘይምርግጋእን እዩ ዝሸመም።

ሮበርት ካፕላን ኣብታ "The tragic mind" ዘርእስታ መጽሓፉ፣ "ስርዓት ብፍጹም ዉሁብ ክውሰድ ዘይብሉ ክዉንነት እዩ" ከም ዝበሎ፣ ስርዓት ክሕሎ ብዙሕ መስዋእቲ እዩ ዝሓትት። ሎሚ ዘሎ ስርዓትን ርግኣትን ከም ውሁብ ምውሳዱ ጥራይ፣ ነቲ ጽባሕ ክፍጠር ዝኽእል ረመጽ ስርዓት ኣልቦንነት መዝሓሊ ክኸውን ኣይክእልን።

ኣብዚ ጽልዋ ረቂቕ ሓይሊ (Soft power) ቀንድን ሓያልን ሕመረት ፖሊሲ ዓብላልነት ኮይኑ ኣብ ዘለወሉ እዋን፣ ስርዓት ሕብረተ-ሰባት ቀንዲ ግዳይ ዕላማታት ኮይኑ'ዩ - ስርዓት ዘይብሉ ሕብረተሰብ ኣንፈት ስለ ዘጥፍእን ንምቁጽጻሩ ቀሊል ስለ ዝኸውንን።

ስነ-ሓሳብ ዕብለላ ሃገራት ምዕራብ፡ ኣብ ዝምድናን ሽርክነትን ዝምርኮስ



ኣይኮነን። ብፍላይ ኣብ ኣፍሪቃ፣ ረብሓ ዓብላሊ ዘውሕስ (Zero sum situation) ውሁብ ኣገባብዩ። እዚ ፖሊሲ ክትግበር ድማ ቀዳማይ ዕላማ ዝኸውን፣ ስርዓት ሕብረተ-ሰብ እዩ። ስርዓት ኣልቦነት ወይ ፋሉልነት፡ ዋላ እውን ዝበዝሐ እዋን ብምትእትታው ናይ ደገ ሓይሊ ዝኳሃር እንተኾነ፡ ብውሽጣዊ ማሕበራውን ፖለቲካውን ምብዕዃኽ፡ ቁጠባዊ ድኻም፡ ወይ ድምር ናይ ብዙሓት ረቛሒታት ክጋጥም ይኽእልዩ።

ኣብ ሱዳን ተፈጢሩ ዘሎ ብናይ ግዳም ምትእትታው ዝኳሃርን ዝቕለስን ኩነታት፣ ናይዚ ቀረባ ኣብነት'ዩ። ኣብ ሱዳን ዝተፈጥረ ጉጅለ፣ ንረብሓን ፋሉልነትን ምስሉይ ወድዓውነት ብምትሓዝ ዝፈጠሮ ኩነታት፣ ነዚ ሎሚ ኣብ ህዝቢ ሱዳን እንርእዮ ዘለና ኣደራዕ ወሊዱ፡ ከም ሳዕቤኑ ህዝቢ ሱዳን ኣደዳ ስደትን ሕሰምን ኮይኑ።

ካፕላን ኣብ መጽሓፉ፥ ፋሉልነት፣ ሓደ መንግስቲ ማሕበረ ፖለቲካዊ ስርዓት ምሕላው ዝኽተሎ ኣገባብ፣ ጸቓጥን ዓብላልን ዋላ'ውን እንተኾነ፣ ካብ ፋሉልነት ዝሸፍእ ቀጥታውን ጎድናውን ሳዕቤን ክህልዎ ግን ብፍጹም ከም ዘይክእል እዩ ዘረድእ። ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ስርዓት ቀዳምነት ከም ዝኾነ፡ ብዘይ ስርዓት ክመጽእን ክዕረን ዝኽእል ኩነታት ከም ዘየለ እውን ወሲኹ የረድእ። ኣብ ዒራቕ፡ ሶርያ፡ ሊብያን ካልኦት ግዳያት ሃገራትን ዘጋጠመ ሕንፍሽፍሽ ኣካል ናይ'ዚ መርዳእታ'ዩ።

ካልእ ካብ ዝዓበዩ ኣብነታት፡ ጽግያት ዓረብ'ዩ። ኣብ ጽግያት ዓረብ ወይ ናዕቢ ዓረብ (2011)፡ ስርዓት ኣልቦነት ካብ ዝኾነ ህሉው ኩነታት መንግስቲ ንላዕሊ፡ ሓደገኛ ምዃኑ ዘብርህ ፍጻመ እዩ ነይሩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት፣ ብድሌት ወይ ድፍኢት ዝብገስ ምንቅስቓስ፣ መንግስቲ ቅድሚ ምቕያሩ ስርዓት ኣልቦነት እዩ ዝቕድሞ። ግዳይ እዚ ዘሕዝን ታሪኻዊ ፍጻመ ዝኾነት ሊብያ፣ ቅድምን ድሕርን ሙዓመር ቓዛፊ እንተ ኣነጻጺርካያ፡ ነዚ ኣምር እተጉልሕ ህያው ኣብነት'ያ።

ኣብ መደምደምታ - ማሕበራውን ፖለቲካውን ስርዓት ኣብ ሓንቲ ሃገር መሰረት ዕብየትን ለውጥን'ዩ። ኣብ ሃገርና - ሰውራ ኤርትራ፡ ኣብ ውሽጡ ብዝፈጠሮ ማሕበረ-ፖለቲካውን ወተሃደራውን ስርዓት'ዩ ለውጢ ከምጽእን ስርዓት ክተክልን ዝኸኣለ። ስርዓት ውሁብ ዝውሰድ ክዉንነት ዘይኮነ፡ ምሕላዉ ዋጋ ዝሓትትን ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘይኣቱን ብምዃኑን ድማ፣ ብረዚን መስዋእቲ ዝተሓለወን ዝሕሎ ዘሎን።

ህዝቢ ኤርትራ ኣብዚ እዋን'ውን፡ ኣንጻር ኩሉ ተጻብኦ ብጽንዓት ክምክት ዝኸኣሎ፡ ኣብ ስርዓት ዘለዎ ግቡእ ግንዛበ ሓደ ካብ ዓበይቲ ረቛሒታት'ዩ። ኣብዚ ምውሓስ ህላወና፡ ጸጥታናን፡ ስኒትናን ቀዳምነት ሂብና፣ መሳርዕ ስርዓትና ከይዘረግና፡ ልምዓታዊ መደባትና ከነተግብር፡ ቁጠባዊ ኩነታትና ከነመሓይሽ ኣብ ንምክተሉ ዘለና እዋን፡ "ልሂቃን ኢና" ዝብሉ፡ ብምስምስ መሰል ህዝቢ፡ ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ፡ ካብ ደገ ይኹን ካብ ውሽጢ፡ ብስዉር ይኹን ብጉሁድ ጉዕዞና ንምስንኻልን ስርዓት ህዝቢ ንምዝራግን ሰሪሖምን ይሰርሑ ኣለዉን። ንቕሓት ህዝብን ዘይምዓት ሓቀኛ መሪሕነትን ግን ንኹሉ ኣበርዒንዎ።

ስርዓት ከነቕድም ምርጫና እዩ። ኣብ ጉዕዞና፡ ኩሉ ክንረክብ ስርዓትና ከነውሕስ ዘይተማታእናሉ ሓቒ'ዩ። ከም ህዝቢ ጸገምና ክንፈትሕ፡ ጎደሎና ክንመልእ ዝእግመና ከም ዘየለ ታሪኽና መምህር እዩ። ስርዓት ባህልና ገይርና፡ ብስምዒት ከይተደረኽና ዝብጻሕ ክንበጽሕ ድማ ሓባርን ደጋፍን ዘድልየና ኣይኮነን - ስርዓትና መሰረት ኩሉ ዕብየትና ስለ ዝኾነ።

## ነብሰ ምሕደራ ኣብ ውልቃዊ ሂወትካ፡ ስድራኻ፡ ከባቢኻን ሃገርካን ዘለዎ ረብሓ ከመይ ዝበለ'ዩ?

*ግዛእ ነብስኻ ምምሕዳር ኣብ ሂወት ወሳኒ እዩ። ግዛእ ነብሱ ዘየመሓድር ሰብ ንነብሱ፡ ንስድርኡ ይኹን ንትካሉ እንታይ ክባቑዋ ይኽእል? "ነብሱ ዘይወደበ ሰብ ንውድብ እንታይ ይገብረላ?" ዝብል ኣበሃህላ እውን ኣሎ። ነብሰ ምሕደራ ንሂወት ብጥበብ ወይ ብጥቅውና ምምራሕ እዩ። እቲ ሂወቱ ብጥበብ ዝመርሓ ናብቲ ዝደልዮ ዕላማ ክበጽሕ ኣይጽገምን። ኩታስ ጉዕዞ ደቂ ሰብ ብምሕደራ እዩ ዝምእዘን።*

*መጽሔት መንእሰይ ቁ.72፡ ኣብዚ ተላዒሉ ዘሎ ንዅሉ ክፉል ሕብረተሰብ ዘገድስ ዛዕባ መረዳእታኦምን ሓሳባቶምን ክካፍሉ፡ ኣብ ነንበይኑ ዓውድታት ሰራሕ ተዋፊሮም ንዘለዉ ኣባላት መበል 23 ዙርያ ቤት ትምህርቲ ካድር ህግደፍ (ናቕፋ) ዓዲማቶም ኣብ ዘካየደቶ ዘተ፡ ንሎሚ ንመልሲ ሓደ መንእሰይ ከነቕርብ ኢና።*



ሙና ወልደገብርኤል

ሓደ ሰብ ንነብሱ ወይ ንሂወቱ ዘመሓድረሉ ሜላ ወይ ጥበብ እዩ ነብሰ ምሕደራ። ኣብ ነብሰ ምሕደራ ዘገድሱ ቀንዲ ረቛሒታት፡ ግዜኻ ብግቡእ ምምሕዳር፡ ጽቡቕ ናይ ምብህሃል ክእለትን ስነ ምግባርን ምምዕባል ከምኡ'ውን ኣብ ቦታ ስራሕን ትምህርትን ዝሕተት ግቡኣት ምምላእ የጠቓልል። ኣብነት፡ ኣነ ንነብሰይ ካብ ዝኾነ ሕማቕ ወልፍታትን ድሑር ልምድታትን ኣርሒቐ፡ ንውልቀይን ሃገረይን ኣብ ዘርብሕ ብንቕሓት፡ ተወፋይነትን ብቕዓትን ክሰርሕ እንተ ኾይነ፡ ቅድም ቀዳድም ነብሰይ ብግቡእ ከመሓድር ኣሎኒ። ዘሎኒ ግዜ፡ ጸጋ፡ ዓቕሚ፡ ክእለት ብግቡእ ከመሓድር ኣሎኒ።

***



እድሪስ መሓመድ

ነብሰ ምሕደራ ማለት ንሓደ ክጭብጦ እትደሊ ዕላማ ወይ ራእዩ ንምፍጻም ተካይዶ ንጥፈታት እዩ። እዚ ክበሃል ከሎ ናይ ኣተሓሳስባ ምትዕርራይ ትገብረሉ፡ ብርትዓዊ ኣጠማምታ ንነብስኻን ሕብረተሰብካን ብዘርብሕ መንገዲ ሂወትካ ተማእዝነሉ እዩ። ነብሰ ምሕደራ ንበይኑ ተንጠልጢሉ ዝኸይድ ዘይኮነ፡ ምስ ግቡእ ምሕደራ ግዜ፡ ሞያን ፍልጠትን ምዕባይ፡ ከባብያዊ ኣተሓሳስባን ቅኑዕ ኣመለኻኽታ ምህላውን ዘጠቓልል እዩ።

ነብስኻ ክትመሓድር ኣብ ዝጀመርካሉ፡ ብቐዳምነት ባዕላዊ ረብሓ`ዩ ዘምጽእ። ኣብ ነብስኻ ብእተፈጥረ እወታዊ ኣተሓሳስባ ድማ ንኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ሕብረተሰብ ነጸባርቕ ስለ ዝኾነ፡ ቀጥታዊ ምትእስሳር ኣለዎ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ብፍ/በ/መሰል ወረስቲ ኣፍ/ሃር ዞርያስ ኣርኣያ ዓንደሚካኤል፡ የውሃንስ ዞርያስ ኣርኣያ፡ ብፍ/ሰ/ዕዳ ርሻን ኣርኣያ ዓንደሚካኤል፡ ኣድራሻኺ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኪ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ሰናይት ሃይለ ሃብተጼን፡ ብዋል ቤተይ ሃብተም ዑቕባሚካኤል ግደ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣብ መንጎ ከሳሲ ኣቶ ቴድሮስ ጸጋይ ተሰፋሚካኤልን ተኸሳሲት ኣቶ ሳሚኤል ግደ ኣርኣያን ብዛዕባ ናይ ሰበል/ገዛዚብ ክርክር ጉዳይ፡ ተኸሳሲ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ሙሉ ነጋሲ ኪዳኔ፡ ብዋል ቤተይ እስቲፋኖስ ነጋሽ ኪዳነ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ተኽለ ተወልደ ገረዝጊሄር፡ ኣቦና ተወልደ ገረዝጊሄር ተስፋጋብርን ኣዴና እሙና መኻኖን ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ኣብርሄት ገብረገርግስ፡ ብዋል ቤተይ ተኽለ ብርሃ ካሕሳይ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሉተጼን ዘርእዝጊ ካሕሳይ ምባል ተረፉ፡ ወሉተጼን ገብረዝጊ ካሕሳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጊደና መዓመር ሓጎስ፡ ኣቦና መዓመር ሓጎስ ስለዝሞተ፡ 3 ደቁ 5 ተተኣኣቲ ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሕርይቲ ሓጎስ ዑ/ማርያም ምባል ተረፉ፡ሕርይቲ መኮስ ዑ/ማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ሰምሃር ገብረስላሴ ገብረመድህን፡ ተኸሳሲ ተኪኤ ኣስገዶም ነጋሲ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ኣፍወርቂ ሃብተሚካኤል ተኽለኣልፋ ምባል ተረፉ፡ ደጀን ሃብተሚካኤል ተኽለኣልፋ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቢንያም ፍሰሃየ ወልደየውሃንስ ምባል ተረፉ፡ ቢንያም ፍስሃ ወልደየውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ገኑት ገብሩ ኣርኣያ ምባል ተረፉ፡ ገኑት ገረዝጊሄር ኣርኣያ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣለም ካሳ እንግዳ፡ ብዋል ቤተይ መሓሪ ኣለም ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ኣብርሃም ምሕረትኣብ ዑቕባ ምባል ተረፉ፡ ኣፈወርቂ ምሕረትኣብ ዑቕባ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መቕረት ገብረኣብ ግርማይ ምባል ተረፉቀሳኑት ገብረኣብ ግርማይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰምኦን ገብረኣብ ግርማይ ምባል ተረፉ፡ ነጋሲ ገብረኣብ ግርማይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኢሳቅ ጸጋይ ተወልደ ምባል ተረፉ፡ ኢሳቅ ጸጋይ ሃይሉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ያለም ኣፈወርቂ ኣርኣያ ምባል ተረፉ፡ ኣለም ኣፈወርቂ ኣርኣያ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሃይማኖት ሞርሶ ተወልደ ምባል ተረፉ፡ ሃይማኖት ሞርሶ ወልደስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣብርሀት ሃይለ በየነ፡ ብዋል ቤተይ ኣቶ በርሀ ገርጃ ወርቅሀ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

እስኪያ ገብረማርያም ገብረኣምላኽ ምባል ተረፉ፡ ሰሊና ገብረማርያም ገብረኣምላኽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የውሃንስ ሰለሙን የውሃንስ፡ ኣቦና ሰለሙን የውሃንስ ወልደገርግስ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ቅዱሳን ወልደገርግስ፡ ብዋል ቤተይ ብርሃ ምስግን ካሕሳይ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወዱ ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ወረሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ጊላዝጊ ኣሚነ ሃብተ ምባል ተረፉ፡ ኣኽሊሉ ኣሚነ ሃብተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ወ/ሮ ኤልሳ ተሰፉ ገዱው፡ ብዋል ቤተይ ጸጸ ገብረገርግስ ዑቕቡ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 2 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ከሳሲ ዓሊኑር ነብራይ፡ ተጸዋዒ ሓሚዳ ዓሊኑር፡ ናይ ወኪልና ምስራዝ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ከረን ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

---

ኣነ ዓዳጊት ወ/ሮ ኣስሊ ገብረማርያም ገብረማስቀል፡ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ኣብ ዞ/ማእከል ከተማ ኣስመራ ን/ዞ/ጉዳይፍ፡ ጎደና 713-12 ዚፕ-ኮድ 1A719 ፓርሰል K1፡ መለለዪ ገዛ ASD00049186፡ ብቑ.ንብረት 1BRASM019837/0፡ ብስም ወ/ሮ ኣዜብ ጎይትኦም ተመዝጊቡ ዋንኡ ዝተረጋገጸ መንበሪ-ገዛ ስለዝዓደግኩ፡ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መውዓሊታ ትእዛዝ ወይ ውሳነ/ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ/ሃ/ካዳስተርን የቕርብ። እንተዘየለ ግን ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ኣስሊ ገብረማርያም ገብረማስቀል

---


ሓደስቲ መጽሓፍቲ


NEW BOOKS


ንተማሃሮ 2ይ ደረጃ

(9ይ 10ይ 11ን 12ን ክፍሊ)

1. **Brush up** your Progress in High school (Natural Science Stream):
*English, Maths, Physics, Chemistry, Biology, Agriculture.*

2. **Brush up** your Progress in High school (Social Science Stream):
*English, Maths, Geography, History, Business & Economics.*




ነፍሲ ወከፍ መጽሓፍ፡

- ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ካብ 9ይ ክሳብ 12 ክፍሊ ዘጠቓለለት
- ብዝቐለለ መገዲ ዝቐረበ ጽማቕ ትሕዝቶ ናይ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ
- ልዕሊ 1000 ዝተሰርሑ ኣብነታት
- ልዕሊ 3800 መላመዲ ሕቶታት ምስ መልስታቱ

ኣብ ኩለን ኣብያተ መጻሕፍቲ ተዘርጊሓትልኩም ኣላ። 07151337/07282165



ሓጋዚት መጽሓፍ

ንተመሃሮ 2ይ ደረጃ

(ክፍልታት 9-12)

Comprehensive Mathematics

Grade 9-12

- Algebra
- Geometry

ኣብ ውሽጢ 544 ገጻት ንኣልጀብራን ጀኦሜትሪን ሰፊሕን ዓሚቝን ሽፋን እትህብ ዓባይን ብልጽትን መጽሓፍ!!

ትሕዝቶ መጽሓፍ

- ✓ መግለጺ ኣምራት ኣልጀብራን ጀኦሜትሪን
- ✓ ብፍሁ ኣብነታት
- ✓ ስእላዊ መረዳእታታት
- ✓ መሃርቲ ሰሌዳታት
- ✓ ዝተዓየዩ ሕቶታትን ግድላትን
- ✓ ዝተፈትሑ ማትሪክ-መሰል ግድላት
- ✓ መዘንቲ መላመዲታት
- ✓ መልሲ መላመዲታት

ኣብ ኣብያተ መሸጣ መጻሕፍቲ ትርከብ።

ንዝያዳ ሓበሬታ

07142402 / 07461121

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣልጋሽ ተኸስተ ጉብረኪዳን፡ ብዋል ቤተይ ዑቕባሚካኤል ዓንደሚካኤል ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ትምኒት ሓድጉ ክንፈ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣማኑኤል ሃብተገርግሽ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ሰልቫና ፊልሞን ኣሰፋው፡ ኣደይ ኣስቴር ተስፋሚካኤል ተወልደ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ሮዛ ዘርኣይ ሃይሉ፡ ዓባየይ ኣደ ኣደይ ለተብርሃን ወልደየሱስ ተስፋት ስለዝዓረፈት፡ ንኣደይ ነፍ/ሄር ኤልሳ ብጹኣምላኽ ብምትካእ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ጽገረዳ ኣስረስ ተድላ፡ ኣደይ ዑቕባማርያም ባህታ እምናይ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ 5 ተተካእቲ መውትቲ ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ሰገኑት መሓሪ ተስፋይ፡ ተስፋይ በርሀ ዳፍላ ስለዝዓረፈ፡ 4 ደቁን 3 ደቂ ደቁን ወረስቲ ምዃና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ፍረወይኒ በራኺ ስዩም፡ ኣደይ መድህን ጉብረማርያም ኣብርሃ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ 3 ተተካእቲ መዋቲ ሓወይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ናኤብ ልኡል ጉብረማርያም፡ ስም ኣደይ ሰናይት ልኡል ምባል ተሪፉ ሰናይት ልኡልሰገድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ናርዶስ ሚካኤል ተስፋሚካኤል ምባል ተሪፉ ናርዶስ ሃይለ ሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ሳሙኤል ዓብዱ መሓመድ ምባል ተሪፉ ሳሙኤል ዓብዱልወሃብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ኣኽበረት ጸጋዩ፡ ብዋል ቤተይ በረኸት ጉብሩይ ሰለሙን ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ተኸስተ ኣብርሃም ተኽሉ፡ ኣቦና ኣብርሃም ተኽሉ መንግስ ኣዴና እዝጊሓርያ ብርሃ ጎሎምን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ 7 ተተካእቲ መዋቲት ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ጉኑት ትኩእ በሺር፡ ብዋል ቤተይ ፍስሃየ ሃይለ ሰንጋል ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ዘፋን ጉብረመድህን ተስፋጊዮርጊስ ምባል ተሪፉ ዘፋን ጉብረመድህን ናውድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ዓሊ ዑመር መሓመድ ምባል ተሪፉ ዓሊ ዑመር ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ንግስቲ ጉብረሂወት ሰመረ ምባል ተሪፉ ንግስቲ ጉብረሂወት ስምረት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ተጸዋዒ ምቁር ተወልደ ወልደጋብር፡ ብኣመልካቲት ዳናይት ሓይልኣብ ኪዳ ንጉዳይ ሞግዚት ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 8 መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ሰዋረ ህብታይ ደስላቅ ምባል ተሪፉ ኤለሀም ህብታይ ደስላቅ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ራህዋ መርሃዊ ኣብርሃም፡ ኣደይ ሰናይት ወልዳይ ተስፋሚካኤል ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ጉኑት ምሕረትኣብ ካሕሱ፡ ኣቦይ ምሕረትኣብ ካሕሱ ሓያሉ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሃይማኖት ተስፋሚካኤል ሚካኤል፡ ወደይ ኣማኑኤል ተኽለሰንበት ሃይለ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ ብዋል ቤተይ ተኽለሰንበት ሃይለን ወዱ ህያብ ኣማኑኤል ተኽለሰንበትን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ብፍ/በ/መሳል ወረ/ፍ ኣብርሀት ጉብረእግዚኣብሄር፡ ፍረወይኒ ክፍሎማርያም ተስፋማርያም፡ ብፍ/ሰ/ዕዳ ኣቶ ሃብተ ክፍሎማርያም ተስፋማርያም፡ ሃይለ ክፍሎማርያም ተስፋማርያም፡ ነፍ/ሪት ምሕረት ክፍሎማርያም ተስፋማርያም፡ ሸዋይሽ ክፍሎማርያም ተስፋማርያም፡ ንግስቲ ክፍሎማርያም ተስፋማርያም፡ ኣንጻርኩም ናይ ፈጸሚ መዝገብ ተኸፊቱ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ ደረጃ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ፡፡

ሩቨን ፊልሞን እዮብ ሃይለ ምባል ተሪፉ ሩቨን ፊልሞን እዮብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ውዳሴ ተኸስተ ቦኽረጼን፡ ብዋል ቤተይ ጉብረትንሳኤ ኢሳቅ መርሃጼን ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ቶማስ ተኽሉብርሃን ጉብረየሱስ፡ ሓትነይ ሃና ዑቕባማርያም ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 12 ተተካእቲ ሓትነታተይን ደቂ ኣኮታተይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ያስሚን ምስየና ሄኖክ፡ ብዋል ቤተይ ደክኣሎ ኪዳ ተኸስተ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወድና ድማ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ሳሙኤል ተኽለጸየን ሃይሉ፡ ኣዴና ኣመተ ታደሰ ፍስሃ ስለዝዓረፈት፡ ንኣቦና ተኽለጸየን ሃይለ ናይ መጻምዲ ማሰሉ ይተሓለወሉ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ጥና ሚካኤል ብርሃ፡ ስም ወደይ የሃንስ ኣስመሮም ከሮስ ምባል ተሪፉ ናታን ኣስመሮም ከሮስ ተባሂሉ ይተኣረመሉ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ብርኽቲ ሃይልኣብ ኪዳ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ቴድሮስ ፍስሃየ ኣረጋይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ኣማኑኤል ጉብረስላሴ ሃብተማርያም ምባል ተሪፉ ኣማኑኤል ጉብረስላሰ ሃይለማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዩርገብል እዮብ ግርማይ፡ ኣደይ ኣልማዝ ተክልዝጊ ሃብተማርያም ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ት/ዕድመ ክርስቲና ብርሃ ጉብረየውሃንስ ምባል ተሪፉ ክርስቲና ብርሃ ምሕረትኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ለተብርሃን ተኽለይ፡ ብዋል ቤተይ ሞንስ ተስፋጊርጊሽ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ተስፍኣም ግርማይ ዘርእዝጊ ምባል ተሪፉ ተስፎም ግርማይ ዘርእዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ጉብርኤላ ሚካኤል ኣብርሃ፡ ኣሕዋተይ ወ/ሮ ጉኑት ተስፋዩ፡ ኣቶ ኣማኑኤል ኤልያስ፡ ጥዑሙት ምዃናም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡


ረቕ ኣፍ

ሕክምናዊ ምኽሪ ኣፍን ኣስናንን




ሓዳስ መጽሓፍ

ካብ ትሕዝቶ ናይዛ መጽሓፍ...

* መሰረታውያን ሜላታት ምጽራይ ኣፍን ኣስናንን
* ጽሬት ኣፍን ኣስናንን ምስ ዘይሕሎ ሕማም ኣስናን ብኸመይ ይምዕብል
* ሕማማት ኣስናን ምስ ውሽጣዊ ሕማማት ዘለዎ ምትእስሳር
* ንኣስናን ዝጠቕሙ ዓይነታት መግብን ኣመጋግባን
* ጠንቂ ሕማም (ምብኽባኽ) ኣስናን
* ክንክንን ፍወሳን ምብኽባኽ ኣስናን
* ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ስኒ ምስዳድ ዘኸትሎ ሳዕቤን
* ምኽርን ክንክንን ንምፍዋስ ነድሪ/መድመይቲ ግርጻን
* ምኽርታት ንምክልኻል ጸጸር ስኒ
* ሕክምናን ምኽርን ንምፍዋስ ሕማቕ ሽታ ኣፍ
* ኮልጌት ምጥቃም ሕማቕ ሽታ ኣፍ ይገብር ድዩ?
* ጽሬትን ክንክንን ኣስናን ህጻናት
* ምስ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ናይ ዝነብሩ ሰባት ወለዲ ወይ ኣለይቲ፡

ብዛዕባ ኣፍን ኣስናንን ደቀም ክፈልጡዎን ክገብሩዎን ዝግባእ

ብሓፈሻ ሕብረተሰብ ኣብ ጥዕና ኣፍን ከባቢኡን ዘለዎ ኣፍልጦ ኣብ ምብራኽ እትሕግዝን ኣብዚ ሞያ ንዝነጥፉ ከም መወከሲት ክትጠቅም እትኽእልን መጽሓፍ፡፡



ኣሰናዳኢ፦ ሓኪም ስኒ
ኣምባሳደር መብራህቱ (ኣምበስ)
07843270/07132263

ኣብ ቤት መጻሕፍቲ...

ኣውገት - ባሕቲ መስከረም
ኣምባሳደር - ፒያሳ ሚኪኤለ
ጋለሪ - ሆቴል ንያላ
መረብ - ባር በረኸት
ሰቲት - ባቢሎን

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## ምስ ኣቦይ ክራኸብ . . .

የውሃንስ ኪዳን'የ ዝበሃል። ኣብ ሃገረ ኣመሪካ - ከተማ ሲያትል እቕመጥ። ኣብ ሕዳር 2008 ኣብ ኣስመራ ተወሊደ። ወዲ 18 ዓመት ኮይነ ኣለኹ ማለት'ዩ። ስም ወላዲተይ (ኣደይ)፡ ወ/ሮ ምሉእ ተስፉ ምሲጋና ይብሃል። ወላዲተይ ኣብ 2010 እያ ሒዛትኒ ናብ ስደት ኣምሪሓ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ከኣ፡ ብሓንሳብ ኣብ ኣመሪካ ንቕመጥ ኣለና።

ኣቦይ (ኣቶ ኪዳን)፡ ኣብ 2006 እዩ ምስ ኣደይ ተላለዮም። ኣብ'ቲ ሽዑ ግዜ፡ ኣደይ ኣብ ቤት መግቢ ኣበባ (ጥቓ ፑሽኪን ዘላ) ትሰርሕ ነይራ። ኣቦይ ድማ ናብ'ቲ ቤት መግቢ ይመላለስ ምንባሩ ሓቢራትኒ። ኣብኡ ዝጀመረ ፍቕራዊ ሌላኦም ከኣ፡ ንዓይ ወሊዶምኒ።

ኣደይ ከም ዝሓበረትኒ፡ ቁመት ኣቦይ ማእከላይ ( ከባቢ 1 ሜትሮን 70 ሰንቲ ሜትርን) ከም ዝነበረ፣ ሕብሪ ቀርበቱ ድማ ጸሊም ኮይኑ፡ ኣዒንቱ ድቓቕ ኢለን፣ ጸጉሪ ርእሱ ከኣ ለማሽ ምንባሩ ነጊራትኒ። ኣብ ምዕጉርቱ ድማ ሕንጣጥ ወይ በሰላ ከም ዘላቶ ሓቢራትኒ። ኣብ'ቲ ሽዑ ግዜ ዕድመ ወላዲየይ፡ ኣብ ወዲ 35-40 ዓመት ኣቢሉ ይኸውን ነይሩ። ብዘይካ'ዚ፡ ወላዲየይ፡ ጻዕዳ ዝሕብራ ቶዮታ ማኪና ገዛ ይሕዝ ከም ዝነበረ'ውን ኣደይ ወሲኻ ኣዕሊላትኒ።

ብተወሳኺ፡ ወላዲየይ፡ ኣብ ዕዳጋ ሓሙስ እንዳ ሓትኖኡ፡ ፊራሚንታ ከም ዝነበሮን ባዕሉ ከም ዘካይዶን፡ ከምኡ ድማ እንዳ ሓትኖኡ እንዳ ቡቲክ ከም ዝነበሮን፡ ሽዑ ግዜ ነደይ ይሕብራ ከም ዝነበረ ኣዕሊላትኒ።



ዮውሃንስ ኪዳን

ኣብ ገዛ ጥንዳ ሓበሻ ወይ ኣኽርያ እውን እንዳ ዓባዩ ከም ዝነበሮ ይነግራ ምንባሩ ከኣ፡ ወላዲተይ ትዝክር።

ብዘይካ'ዚ ኣቦይ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተወሊዱ ዝዓበየ ኮይኑ፡ ቅድሚ ወራር ወያነ ናብ ኤርትራ ከም ዝመጽአ ወላዲተይ ሓቢራትኒ።

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ዓምዲ ስድራቤት ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ መንእሰይ የውሃንስ ኪዳን ብዛዕባ ወላዲኡ ብኸምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ብሕጽር ዝበለ ሓቢሩና ኣሎ'ሞ፡ ደሃይ ወላዲኡ ኣብ ምርካብ ናይ ወትሩ ምትሕብባርኩም ኣይፈለየ። ነዚ ሂቡዎ ዘሎ ሓበሬታ ተገንዚብኩም ክትሕግዝዎን ደሃይ ናይ'ቲ ለይትን ቀትርን ኣብ ዝኽሪ ሓሳቡ ዘይፍለየን ክረኽቦ ሃረር ዝብሎን ወላዲኡ ክረክብ ብሃንቀውታ ይጽበየኩም ኣሎ። ብፍላይ ኣብ ዕዳጋ ሓሙስ እትርከቡ ወነንቲ ፊራሚንታ፡ ካብ 2006 ጀሚሩ ኣብ ዕዳጋ ሓሙስ ፊራሚንታ ዝነበሮ ወይ እንዳ ሓትኖኡ ፊራሚንታ ዘካይድ ዝነበረ ኪዳን ዝበሃል ናይ'ቲ ሽዑ ግዜ መንእሰይ፡ ብዛዕባኡ ኣፍልጦ ምስ ዝህልወኩም ተሓባበሩዎ።

ስለዚ፡ ብዛዕባ ወላዲኡ ዝፈልጥ ወይ ሓበሬታ ዘለዎ ሰብ፡ ብቑጽሪ ቴለፎናት 07590443 ወይ 07178721 ወይ ድማ 116266 ብምድዋል ክትተሓባበርዎ ዝኸኣኽረኩም።

## ደሃይ ወላድየይ ንኽረክብ . . .

ሰላም ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ - ብፍላይ ድማ ዓምዲ ስድራቤት! ሓበን ለገሰ ታደሰ እየ ዝበሃል። ካብ ኣቦይ ተጋዳላይ ለገሰ ታደሰ ኣርኣያን ካብ ኣደይ ተጋዳሊት ሳዕድያ ኣቡብከርን ብዕለት 9 ነሓሰ 1991 ኣብ ከተማ ከረን ተወሊደ።

ኣቦይ ወዲ ክልተ ዓመት ከለኹ ናብ ቦታኡ ምስ ተመልሰ፡ ክሳብ ሎሚ ኣይተራኸብናን። ኣነ ምስ ወላዲተይ ተጋዳሊት ሳዕድያ እየ ዓብየ። ክንዲ ሰብ ኮይነ፡ ደሃይ ኣቦይ ክረክብ ብዙሕ እኳ እንተ ፈተንኩ፡ ክሰልጠኒ ግን ኣይከኣለን።

ብመሰረት ዝረኸብኩዎ ሓበሬታ፡ ኣቦይ፡ ኣብ'ቲ ሽዑ እዋን ኣባል ክፍሊ ሰራዊት 88፡ ብርጌድ 37 እንዳ ሰሊያ ምንባሩ ፈሊጠ። ነቦይ ኣደኡ ወ/ሮ ጽገ ጉብረክርስቶስ ከበደ ትብሃል ኩይና፡ ኣሕዋቱ ድማ፡ ሃብተ ታደሰ፡ ሰመራ ታደሰ፡ ትብርህ ታደሰ ይብሃሉ። መበቆል ዓዲ ኣቦይ ዓዲ ክሳድ - ንኡስ ዞባ ማይምን (ዞባ ደቡብ) ምዃኑ እውን፡ ካብ ሚኒስትሪ ምክልኻል ዝተዋህበኒ ሓበሬታ የመልክት።



ተጋ/ ለገሰ ታደሰ ኣርኣያ



ሓበን (ህጻን ከሎ) ምስ ወለዱ

ወላዲተይ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ኣብ ከረን ምሳይ'ያ ትቕመጥ ዘላ። ብሰንኪ ማህረምቲ ናይ ርእሲ ከኣ፡ ናይ ምዝኻር ጸገም ገይራ ስለ ዘላ፡ ብዛዕባ ኣቦይ ብዙሕ ክትሕብረኒ ኣይከኣለትን። ናብ ቦታኡ ምስ ተመልሰ ዝሰደደላ ደብዳበ ከኣ ሂባትኒ።

ብመሰረት ዝተዋህበ ሓበሬታ፡ ደሃይ ኣቦይን ቤተሰቡን ክረክብ ናብ መበቆል ዓዲ ኣቦ - ዓዲ ክሳድ (ንኡስ ዞባ ማይምን) ከይደ ኣጣይቐ እየ፣ እንተ ኾነ፡ ነቦይ ይኹን ንኣሕዋቱን ቤተሰቡን ዝፈልጥ ሰብ ኣይረኸብኩን።

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ፡ ደሃይ ናይ'ቲ ወዲ ከባቢ 1 ዓመትን መንፈቕን ከለኹ ገዲፉኒ ዝኸደ ወላዲየይ፡ ክረክብ ብዘይምኽኣለይ፡ ብዙሕ ይኹብደንን ናይ ሕልና ዕረፍቲ ይስእንን ኣለኹ። ስለዚ፡ ደቂ ዓዲ ክሳድ ወይ ደቂ ኣሃዱኡ ዝኾንኩም ሰባት፡ ኣብ ምድላይ ወላዲየይ ክትተሓባበሩኒ እላበወኩም።

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ዓምዲ ስድራቤት፡ መንእሰይ ሓበን ለገሰ ደስታ ብዛዕባ ወላዲኡ ብኸምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ብሕጽር ዝበለ ሓቢሩና ኣሎ'ሞ፡ ደሃይ ወላዲኡ ኣብ ምርካብ ናይ ወትሩ ምትሕብባርኩም ኣይፈለየ። ነዚ ሂቡዎ ዘሎ ሓበሬታ ተገንዚብኩም ከኣ፡ ክትሕግዝዎን ደሃይ ናይ'ቲ ለይትን ቀትርን ኣብ ዝኽሪ ሓሳቡ ዘይተፈልየ ወላዲኡ ክረክበን ብሃንቀውታ ይጽበየኩም ኣሎ'ሞ፡ ሓበሬታ ዘለዎ ሰብ፡ ብቑጽሪ ቴለፎናት 07277909 ወይ 116266 ብምድዋል ክትተሓባበሩዎ ዝኸኣኽረኩም።

## ጠንቂ ምሽታት ኣፍ እንታይ'ዩ፧

"ኣፍና ምእንቲ ከይሽትት ምስ ተመገብና ብማይ ክንጉጽጉጾ ኣለና።" ክብሉ ክኢላታት ይዛረቡ'ዮም። ክንምገብ እንከለና፣ ኮቲ እንምገቦ ዘለና ዘተርኽሰን ዘዳቐቕን ምራቕ ናብ ኣፍና ይመጽእ'ዩ። እዚ ምራቕ'ዚ እንተወሓደ ሓደ ካብ ጠንቅታት ምሽታት ኣፍ ክኸውን ከም ዝኽእል ክኢላታት ይገልጹ።

ኣፍና፣ ምስ መግቢ ብዘኣትዉን ካብ ካልኦት ክፍሊ ኣካላትና ብዘመጽኡን ባክተርያ ኩሉ ግዜ ምስ መልአ'ዩ። እዞም ባክተርያ'ዚኣም ሕምቕ ሽታ ዘለዎ ጋዛት ስለ ዘመንጭዉ (ዝተፍኡ) ኣፍና ይሽትት።

ኣብ ድቃስ ምስ ተብራብርና ኣብ ግዜ ቀትሪ ዝያዳ ኣፍና ሕማቕ ሽታ ይህልዎ። እዚ ዝኾነሉ፣ ኣብ እዋን



ለይቲ መግቢ ንብልዕ ብዘይምህላውና፣ እቲ ናብ ኣፍና ዝመጽእ ምራቕ ስለዘይህሉ ወይ'ውን ስለ ዝውሕድ፣ እቶም ሕማቕ ሽታ ዘፈጥሩ ባክተርያ ክራብሑ ምቹእ ባይታ ይረኽቡ። ዝበዝሑ ባክተርያ ኣብ ኣፍና ምህላው ድማ ኮቲ ናይ ሽታ ጸገም ዝያዳ የጋድዶ።

ኣልኮላዊ መስተ፣ ጥሜት፣ ብዙሕ ምዝራብ፣ መዕበስቲ ኣፍንጫ፣ ብ ኣፍ ምስትንፋስ፣ ዕድመ (እርጋን) ከምኡ'ወን ብዙሕ ምንቅስቓስ፣ ኣብ ኣፍና ንዝህሉ ምራቕ ከም ዝጎድል ስለዝገብሩ ከም ጠንቅታት ምሽታት ኣፍ ይቖጸሩ።

እንምገቦም ዓይነታት መግቢ ኣብ ምሽታት ኣፍ ልዑል ተራ ኣለዎም። ከም ኣብነት፡ ጻዕዳ ሽጉርቲ ልዑል ትሕዝቶ ሳልፈር ስለ ዘለዎ፣ እቲ ናብ ደም ተቐይሩ ናብ ሳንቡእ ዝበጽሕ ሳልፈር ከነስተንፍስ እንከለና ንኣፍና ሕማቕ ሽታ ይገብረሉ።

ኣብ ገፊሕ መዓንጣ ዝፍጠር ምቅጻል መግቢ፣ ፍሉይ ሽታ ይፈጥር'ዩ። ሓደ ካብቶም ናይ ስርዓተ ምሕቃቕ መግቢ ዝኾነ 'ኢንዛይም ' ድማ ኮቲ ዝሽትት ዝተዳቐቐ መግቢ፡ ሽታ ናብ ዘይብሉ ጠቓሚ ነገር ይቕይሮ። እዚ ኢንዛይም'ዚ ዘይብሎም ሰባት እቲ ጸገማት ኪጋጥሞም ይኽእል'ዩ፣ ዝተፈላለዩ ሕማማት ኣሰናንን ግርጻንን'ውን ኣፍና ከም ዝሽትት ይገብሩ'ዮም።

ደቀንስትዮ ወርሓዊ ጽግሬዳ ኣብ ዝመጽኣን እዋን ኣፈን ዘይንቡር ሽታ ክህልዎ ይኽእል'ዩ። እዚ ብምኽንያት ምቕይያር 'ሆርሞናት ' ሰብነት'ዩ ዝፍጠር።

ዝኾነ ኾይኑ፣ ኣፍና ባዕላትና ብእንፈጥሮ ጸገማት ከምዚ ዓይነት ጸገማት ከማዕብል ኣብ ከኣለ፣ ብዘግባእ ተኸናኺንና ክንሕዞ፣ ድሕሪ መግቢ ክንጉጽጉጾን ኣሰናንና ቀጻሊ ክንምውጾን ኣገዳሲ'ዩ። ኮቶም ብምኽንያት ዕድመ፣ ጉድለት ኢንዛይም፣ ምቅይያር ሆርሞን ዘጋጥሙ ምሽታት ኣፍ ግን ምስ ባህሪ ዝተኣሳሰሩ ስለዝኾኑ፣ ኑብሰ ጽልኣት ወይ ካልእ ማሕበራዊ ጸገማት ከይፈጥሩልና ምእንቲ ብዙሕ ግምት ዘይምሃብ እቲ ዝሓሸ ኣማራጺ'ዩ።


ምንጪ፤. "ሪደርስ ዳጀስት"

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ሓያል ጻዕሪን ትዕግስትን ናብ ዓወት የብጽሕ

ሓያል ጻዕርን ትዕግስትን ናብ መንገዲ ዓወት ካብ ዝወስዱ ንጥፈታት እዮም። ኣብ ስራሕ ክዕወት ኣሚኑ ዝጉዓዝ ሰብ፡ ሓሳብ ልቡ ከየስመረ ኣይዓርፍን እዩ። ኣብዚ መዳይ ብዙሕ ኣቡት ኣሰራ ክዝርብሉ ዝኽእል እዩ። ንሎሚ ጋሻና ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ደረጃ ፍልጠቱ ንምዕባይ ኣብ ሆስፒታል ኦሮታ ትምህርቱ ኣብ ምቕጻል ዝርከብ፡ ኣብ ዞባዊ መወከሲ ሆስፒታል መንደፈራ ድማ ክኢላ መጥባሕቲ ኮይኑ ንዊሕ ዓመታት ዘገልገለ ዶ/ር ተመስገን ምሕረትኣብ እዩ።

ዶክተር ተመስገን ምሕረትኣብ፡ ብ1993 ኣብ ዞባ ደቡብ ከተማ መንደፈራ ተወሊዱ። ከም ኩሎም ተመሃሮ፡ ካብ መዋእለ-ህጻናት ጀሚሩ ክሳብ 12 ክፍሊ





ብሉጽ ወጽኢት እናመዝገበ ዝተጓዕዘ ህርኩት ተመሃራይ እዩ። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ (ማትሪክ) ብሉጽ ወጽኢት ማለት 3.8 ነጥቢ ብምምዝጋብ ናብ ኮሌጅ ሕክምና ኦሮታ ተጸንቢሩ።

ዶ/ር ተመስገን ካብ ፈለማኡ ዓቢን ራእይን ዕላማን ዝነበሮ ተመሃራይ እዩ ነይሩ። ነዚ ንምርግጋጽ ድማ ኣብ ትምህርቲ ብትግሃትን ኣበርቲዑን ይጽዕት ስለ ዝነበረ፡ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ መርመራ (ማትሪክ) 3.8 ነጥቢ ኣመዝጊቡ። ቀዳማይ ምርጫኡ ሓኪም ምዃን ስለ ዝነበረ ድማ፡ ናብ ኮሌጅ ሕክምና ኦሮታ ንምጽንባር፡ ኣብ ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት ጥዕና ኣስመራ ንክልተ ዓመት ናይ ቅድመ-ሕክምና (pre-medicine) ትምህርቲ ተኸታቲሉ። ኣብ መወዳእታ ከም ባህጉን ድሌቱን ኮይኑሉ ናብ ኮሌጅ ትምህርቲ ሕክምና ኦሮታ ተጸንቢሩ ትሸዓተ ዓመት ድሕሪ ምምሃር፡ ከም ስፔሻሊስት መጥባሕቲ (specialist in surgery) ብምዃን ብማዕርግ ዶክተር (Medical Doctor) ተመሪቑ ህዝቢን ሃገርን ዘሕጉስ ሓለፋት ኣብ ምፍጻም ይርከብ።

ንሎሚ፡ ዶ/ር ተመስገን ጉዕዞ ትምህርቱ ከመይ ነበረ፧ ኣብዚ ዘለዎ ደረጃ ንኽበጽሕ ካብ ስድራኡ ጽልዋ ዘሕደረሉ፧ ብዓበኡ ኸኣ ዓውዲ ሕክምና ክጽንዕ ዘደረኾ ምኽንያት እንታይ ነይሩ፧ ግደ ወለዱ ኣብ ጉዕዞ ትምህርቱ ብኸመይ ይገልጾ …ዝም ዝተጠቕሱ ሕቶታትን ካልኦትን ንምምላሱ፡ ጋዜጣ ኤሪትርያን ፕሮፋይል (Eritrean Profile) ምስኡ ናይ ዘካየደቶ ሓጺር ቃል መሕተት ተርጉምና፡ ብኸምዚ ዝስዕብ ናቐርቦ ኣለና - ሰናይ ንባብ

• ሓኪም ክትከውን ዘተባብዖካ (ዘወናወነካ) እንታይ እዩ ነይሩ ክትገልጸልና፧

እቲ ዛንታ ነዊሕ እዩ። ሕጽር ብዝበለ ንምግላጽ ግን፡ ሓኪም ንኽኸውን ዝደረኸኒ፡ ዓቢ ሓወይ ዶክተር ኣማኑኤል ምሕረትኣብ እዩ። ኣማኑኤል ሓወይ፡ ትምህርቱ ዛዚሙ ካብ 2011 ጀሚሩ ብዝተማህረሉ ዓውዲ ሕክምና ከገልግል ኣብ ስራሕ ዝተመደበ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ድማ ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ደቡብ ኮይኑ ዝሰርሕ ዘሎ'ን እዩ። ንሱ፡ ተመሃራይ ሕክምና ኮይኑ ኣብ ኮሌጅ ከሎ፡ ዓበይቲ መምሃሪ መጻሕፍቲ ስለ ዝነበሩዎ፡ ኩሉ ግዜ ብትምህርቱ ትሑዝ እዩ ነይሩ። ንሱ ብዘሕደረለይ ጦብላሕታ፡ ወትሩ ከምኡ ክኸውን ባህጊ ወይ ህንጡይነት ነይሩኒ። ኣብ ትምህርተይ ብዝዕቢ እናተኸታተልኩ ማዕረ ማዕረኡ፡ ኑቶም ንሱ ዘንብቦም ዝነበረ መጽሓፍቲ ዓውዲ ሕክምና ኣንቢበዮም ነይረ። ኣብ መወዳእታ ኸኣ፡ ንዕኡ ኣብነት ብምግባር፡ ከም ሓወይ ሓኪም ንክኸውን ብትግሃት ሰሪሐ። ሓሳብ ልበይ ኣሰሚረ፡ ተዓዊተሉ ከኣ።



• ግደ ስድራ-ቤትካ ኣብ ጉዕዞ ትምህርትኻ እንታይ ነበረ፧ ብኸመይከ ትገልጾ ወይ ትገልጾ፧

ማሰረት ናይቲ ካብ መዋእለ-ህጻናት ጀሚረ ክሳብ መወዳእታ ቤት ትምህርቲ ዘመዝገብክዎ ዓወትን ዝረኸብክዎም ሽልማታትን፡ ወጽኢት ናይ ስድራ ቤተይ ብሓፈሻ፡ ኣቦይን ኣደይን ከኣ ብፍላይ እዩ። ክልቲኦም ወለደይ መምህራን ስለ ዝኾኑ፡ ኣብ ናይ መጽናዕቲ ግዜይ ዓቢን እወታውን ጽልዋ ነይሩዎም። ብዘይ ብዞራል ይኹን ፈናንሳዊ ድጋፍ እናገበሩ ድማ፡ ኣብ ትምህርተይ ልዑል ኣድህቦ ክገብር ስለ ዝሓገዙኒ ምስጋናይ ይብጽሓዮም - ካብ ጉድኒይ ከይተፈልዩ'የም ኣሳልዮምኒ። ነዊሕ ዓመታት ኣብ ትምህርቲ ክትጉዓዝ ቀሊል ኣይኮነን። ዓቕሊን ተጻዋርነትን ዝሓትት እዩ። ኣብ ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት ጥዕና ኣስመራን ኮሌጅ ሕክምና ኦሮታን ጥራይ ንኣስታት 9 ዓመታት'የ ተማሂረ። እዚ ክሳብ ክንደይ ከቢድ ምዃኑ፡ ብዙሕ ጻዕርን ትዕግስትን ከም ዝሓትት'ውን ክትግምቶ ትኽእል ኢኻ። ስድራቤተይ ግን ኩሉ ግዜ ብስነ-ኣእምሮን ብሞራልን የተባብዑኒ ስለ ዝነበሩ፡ ኣይተጸገምኩን። ምትብባዖም ሕጂ'ውን እንተኾነ ኣይጉደለን ከም ቀደሙ ይቕጽል'ዩ ዘሎ።

• ትምህርቲ መዓስ ወዲእካ፧ ስራሕ ዝጀመርካሉ ግዜ መዓስ እዩ ነይሩ፧ ፈለማ ተመኩሮ ስራሕካ ከመይ ረኺብካዮ'ን ብኸመይከ ትዝክሮ፧

ኣብ ቤት ትምህርቲ ኮሌጅ ሕክምና ኦሮታ ንሸሞንተ ዓመታት ድሕሪ ምምሃረይን ሓደ ዓመት ናይ ልምምድ ወይ ተመክሮ ግዜን (internship)፡ ወግዓዊ ስራሐይ ኣብ 2020 ኣብ እዋን ለበዳ ኮቪድ-19 ኣብ ዞባዊ መወከሲ ሆስፒታል መንደፈራ ጀሚረ። በቲ ሕልመይ ዝነበረ ሞያ ስራሕ፡ ተወሊደ ካብ ዝዓበኹላ መንደፈራ ከይረሓቕኩ ኣብኡ ምምዳበይን ኣሰር ናይ'ቲ ሞዴለይ ዝኾነ ዶክተር ኣማኑኤል (ዓቢ ሓወይ) ሰዓብ ዶ/ር ክኸውን ብምብቃዐይን እቲ ዝተመደብኩሉ ግዜ ንዓይ ኣዝዩ ፍሉይ እዩ ነይሩ። ንኣምላኽ ምስጋና ይኹኖ፡ ካብ ቀዳመይቲ መዓልቲ ስራሕ ጀሚረ፡ ኩሉ ነገር ብጸቡቕ እዩ ተሰላሲሉ። ዶክተር ሃብተ ሃይለመስቀልን ዶክተር ዳዊት ሰረቐን ኣብ ስራሐይ ዘለኒ ርእሲ ተኣማንነት ንኽሓድግ ዓቢ ጽልዋ ነይሩዎም። ኣቀባብላኦም ድማ ገለ ካብቲ ናብ ዓወት ዘሰጋገረኒ ነይሩ። ስለቲ ዝገበሩለይ ኩሉ መዳያዊ ድጋፍ ከኣ ባህ እናበለኒ ከመስግኖም እፈቱ።

• ስራሕ ካብ እትጅምር፡ ብፍሉይ ዝጥቀሱ ዝጠፍኣልካ ዕማማት ከተፍልጠና፧

ካብ 2020 ጀሚረ ኣብ ክፍሊ መጥባሕቲ ኣዴታት (maternity ward) ክሰርሕ ተመዲበ። ይኹን'ምበር ኣብ ብዙሕ ንጥፈታት ስራሕ ናይቲ ሆስፒታል ኣበርክቶ ነይሩኒ'ዩ። በዚ ድማ፡ ኣብተን ቀዳሞት ሰለስተ ናይ ስራሕ ዓመታት ብፍላይ፡ ኣብ ስራሕ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ናይቲ ሆስፒታል ተሳቲፈ እየ። ከም ወጽኢቱ ምስ ሕርሰን ጥንሰን ኣብ ዝዛመዱ ዝርከብዎም ብጠቕላላ ኣብ 756 ዓበይቲ መጥባሕትታት (obstetric and gynecological operations) ተሳቲፈ ኣለኹ። ካብዚኦም ውሑድ ካብቲ ብዙሕ ግን ከኣ ኣቡት ዝኾኑና ኑብሰይ ክኢለ ዘካየድክዎም መጥባሕቲ ንምጥቃስ ዝኣክል፦

• 602 ምስ ጥንሰን ሕርሰን ዝተዛመዱ መጥባሕቲ (cesarean section)፣

• 28 መጥባሕቲ ናይ ማህጸን ቱቦን እንቋቑሖ ማህጸንን ምስኡ ዝተኣሰሩ ጸገማትን (ectopic pregnancy)፣

• 14 መጥባሕቲ ምጽጋን ዝተቐደደ ማህጸን (ruptured uterus repair)፣

• 10 መጥባሕቲ ምእላይ (abdominal hysterectomy)፣ ወዘተ ይርከብዎም። ብዘይካ'ዚ፡ ካልኦት ምስ ማህጸንን ፊስቱላን ኣብ ዝተኣሰሩ ብርክት ኣብ ዝበሉ ዓበይቲን ንኣሽቱን መጥባሕትታት ብጥንፈት ተሳቲፈን ብዓቕመይ ኣመሓዲረን እየ።

• ኣብዚ ሕጂ እዋን እንታይ'ዩ ዘሎ መደብካ፧

ኣብ መንደፈራ ብሞያይ ክሰርሕ'የ ጸኒሐ። ሕጂ ግን ደረጃ ትምህርተይ ንምዕባይ ንናይ ድሕረ ምረቓ ስፔሻላይዜሽን (postgraduate specialization) ስነ-ሕክምና ሕርሲ (obstetrics and gynecology) ክጽንዕ ኣብ ኣስመራ ሆስፒታል ኦሮታ ተቐይረ ኣለኹ። 4 ዓመት ዝሓትት ትምህርቲ እዩ። መደበይ ሞያዊ ክእለተይ ብምዕባይ፡ ዝለዓለ ደረጃ ዘለዎ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ንህዝቢ ንምሃብ እዩ። ሓደ ካብ ቀንዲ ዕላማይ፡ ሞት ኣዴታት ንምንካይን ጥዕናኣንን ጥዕና ደቀንን ንምምሕያሽን ወይ ንምውሓስን እዩ። ስለዚ፡ ብዓቕመይ ነዚ ዝተጠቕሰ ሓሳበይ ንምዕዋት፡ ትምህርተይ ብምቕጻል ንህዝበይ ውሑስ ኣገልግሎት ንምሃብ እዩ።

• ንስራሕ ሕብረተሰብና ዘለካ ኣበርክቶ እንታይ እዩ፧

ሓኪም ምዃን ኣብ ሆስፒታል ጥራይ ምስራሕ ማለት ኣይኮነን። ሓካይም ብሞያና ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታትን ቦታታትን እውን ነገልግል ኢና። ካብ ጉርብትና ጀሚርና፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ንዝርከቡ ሰባት ዓቕምና ዝፈቕዶ ብዘይ ክፍሊት ኣገልግሎት ንህብ። ሰብ ብሀረሩ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ንሞት ይቃላዕ እዩ። ሕርሲ ኣደታት ድማ፡ ትጸቢት ኣብ ዘይትግበረሉ ኣብ ዝኾነ ግዜን ኩነታትን ኪጋጥም ዝኽእል እዩ። ኣብዚ'ውን ኣበርክቶ ክህልወና ስለ ዘለና፡ ካብ ስራሕ ወጻኢ ኣብ ብዙሓት ቦታታት፡ ንጥፈታትን ኣገልግሎትን ንህብ ኢና።

• ኣብዚ እዋን እዚ፡ መጠን ሞት ኣዴታት ኣብ ከመይ ኩነታት ይርከብ፧

ዕላማ ስራሕና ኣብ መላእ ሃገርና መጠን ሞት ኣዴታት ንምንካይ እዩ። ኮላትና ሓካይም ድማ ነዚ ንምርግጋጽ ብትግሃት ንሰርሕ ኣለና ዝበል እምነት እዩ ዘለና። ከም ወጽኢት ናይ'ዚ፡ ኣብዚ እዋን እዚ፡ መጠን ብሰሪ ሕርሲን ጥንሰን ዘጋጥም ሞት ኣዴታት ብዘዕግብ ጉዳሉ ይርከብ። እዚ ዝሕግዞ ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ሃገርና ከይተረፈ ብርክት ዝበሉ ሆስፒታላትን ትካላት ጥዕናን ተሃኒጾም ንርከቦም። እዚ ድማ ነፍሰጾር ኣዴታት ኣብ 3ይ፡ 6ይን 7ይን ወርሒ መርመራ ንኽገብራ ዝሕግዝ ጸቡቕ ወጽኢት እዩ። ብተወሳኺ፡ ኣብ መላእ ኤርትራ ምስ ሕርስን ጥንስን ዝተኣሳሰር ተጠርዩ ዘሎ ንቕሓት ደቀንስትዮ እውን ብቐሊሉ ዝልካዕ ኣይኮነን። ንሓበሬታ ትካላት ጥዕና ሃገርና ምርካስ ብምግባር፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ትካላት ጥዕና ናይ ዝሓርሳ ኣደታት ካብ ግዜ ናብ ግዜ ዝተዓጻጸፈ ጉልበት ምህላዉ እዩ።

• ሕራይ ዶ/ር ተመስገን፡ ኣብዚ ትወሰኾ ሓሳብ እንታይ ኣሎ፧

ሕልምም ንምዕዋት ንዘጽዕሩ ተመሃሮ፡ ሓሳብ ልቦም ከስምሩ ከይተሓለሉ ክጽዕቱ እዩ መልእኽተይ። ሓደ ሓደ ግዜ ሸቶኻ ንምውቃዕ ከቢድ ይመስል ይኸውን። ብፍላይ ትምህርቲ ኣብ ሕክምና ብዙሕ ዓመታት ስለ ዝወስድ። እንተኾነ ናይ ሓቂ ባህጊኻ ንምርካብ መሰዋእቲ ምኽፋል ስለ ዘድሊ፡ ግዱ ትዕግስትን ጻዕርን ጥራይ እዩ ዝሓትት። ከም ሓኪም መጠን፡ መንግስቲ ንዊሕ ዓመታት ናጻ ትምህርቲ ስለ ዝምሃረ፡ ንህዝብና ናጻ ኣገልግሎት ምሃብ ግዴታይ እዩ። ስለዚ ድማ ንድኹማት ወገናተይ ምሕጋዝ ሞያዊ ግቡኣይ ምዃኑ ድማ እፈልጥ።



ብተወሳኺ ንሰባት ከመሓላልፎ ዝደሊ መልእኽቲ፡ ኣብ ህይወቶም ናይ ጥዕና ጸገም ምስ ዝሰምዖም ኩነታት ጥዕናኦም ንምፍላጥ ብኢጋኡ ተቐላጢፎም ኣብ ከባቢኦም ናብ ዝርከብ ትካል ጥዕና ክኸዱ ይግባእ። ምኽንያቱ ሓንቲ ንእሽቶ ጸገም ናብ ከቢድ ሕማምን ሞትን ክትመርሕ ስለ እትኽእል። ስለዚ፡ ሰባት ካብ ሓኪም ንላዕሊ፡ ብዓበኡ ጥዕናኦም ብጥዑይ ርእሶም ክሕልዉ እንክለዉ እዩ ጥዕና ዝህሉ። በዚ መሰረት ዝኾነ ሰብ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ሽዱሽተ ወርሒ ናብ ሕክምና ብምኻድ፡ መርመራ ብምግባር ኩነታት ጥዕናኡ ክከታተል ይግባእ ክብል እደሊ።

• ኣብ መወዳእታ ክሓልፍ ዘለዎ መልእኽቲ ወይ ለበዋ እንተሎካ እቲ ዕድል ንዓኻ፧

ኣብ መወዳእታ ክብሎ ዝደሊ፡ ምስጋና ነቲ ንዊሕ ዓመታት ብናጻ ዘምሃረኒ መንግስቲን ህዝብን ኤርትራ። ቀጺሉ፡ ስድራቤተይ ናብዚ ደረጃ እዚ ንኽበጽሕ ንዘበርከቱለይ ኩሉ መዳያዊ ኣበርክቶ ከመስግኖም ልባዊ ድላየት እስመዓኒ። ትምህርቲ ኣይውዳእን'ዩ። ደረጃ ትምህርተይ ንምዕባይን ፍልጠተይ ንምዕማቕን ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ኣስመራ ሆስፒታል ኦሮታ ትምህርተይ ይቕጽል ኣብ ዘለኹሉ፡ ትምህርተይ ብዝዕቢ ክከታተል ካብ ጉድነይ ከይተፈለየት ኩሉ መዳያዊ ድጋፋታን ምትብባዕን ትገብረለይ ክብርቲ ብዓልቲ ቤተይ ከመስግና እፈቱ።

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሊግ ዓንሰባ - ብዓወት ኣልነሰር ተዛዚሙ



ንኣስታት ሸውዓተ ኣዋርሕ ኣብ መንጎ ሸሞንተ ጋንታታት ክካየድ ዝወርሐ ጸወታታት ኩዕሶ እግሪ ሊግ ዓንሰባ፡ ሰንበት 7 ሰነ ኣብ ስታድዩም ከረን ብዓወት ኣልነሰር ተዛዚሙ፡፡

ጋንታታት ኣልነሰርን ዓንሰባን ኣብ ዘካየዳኦ መዛዘሚ ጸወታ፡ ልዓተን ኣጽኒዐን ኣብ ማእከል ሜዳ ዝተሓጽረ ጸወታ ኣንጸባሪቐን፡፡ ሓሓሊፈን መልሰ መጥቃዕቲ ብምክያድ ሸቶ ንምርካብ ኣብ ዝፈተናሉ፡ ናይ ዓሚ ክብራ ንምዕቃብ ሓያል ጻዕሪ ዘካየደት ዓንሰባ፡ ካብ ኣይመን ጣሀር ሸቶ ረኺባ ናብ ዕረፍቲ 1ብ0 መሪሓ ወጺኣ፡፡

ኣብ ካልኣይ እብረ፡ ዓንሰባ ብዙሒ ሸቶ ኣመዝጊባ ንምዕዋት ሓያል ቃልሲ እኳ እንተኣካየደት፡ ልዳት ኣልነሰር ክትሰግር ግና ብምጽጋም፡ ቡታ እንኮ ሸቶ ብጸቢብ ተዓዊታ፡፡ ሓላው ልዳት ዓንሰባ ኤሰርም ኀይትኦም፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተጸዊዑ፡፡

በዚ ድማ፡ ክልተኣን ጋንታታት ማዕረ 33 ነጥቢ እኳ እንተኣዋህለላ፡ ብሓሙሽተ ጸብለልታ ሸቶ ግና፡ ኣልነሰር ተዓዊቲት ሊግ ዓንሰባ 2025/26 ኮይና፡፡ ሰላሳ ሽሕ ናቕፋ ድማ ተሸሊማ፡፡ ዓንሰባ ዕስራ ሽሕ ናቕፋ፡ ኣልሂላል ዓሰርተ ሽሕ ናቕፋ ተሸሊመን፡፡ ናብ ቀዳማይ ዲቪዥን ዝተመልሰት ኣልጋሽ ድማ ናይ ጠባይ ዋንጫ ተሸሊማ፡፡

ብዘይካዚ፡ ተጻዋታይ ኣልነሰር የናስ ሃይሉ፡ ብ11 ሸቶ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ፣ ኣሰልጣኒ ኣልነሰር ብርሃ ተስፋዝጊ ብሉጽ ዓላሚ፣ ኣርባዕተ ሸቶታት ጥራይ ዝተመዝገቦ ሓላው ልዳት ናይዛ ጋንታ ዓብድላሂ ዓብዱሩሕማን ብሉጽ ሓላው ልዳት ተባሂሉ፡፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ውድድር ድማ፡ ረዳእ ወልደሚካኤል ካብ ኣልሂላል ተሰምዩ፡፡

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ከተማ ከረን'ውን ናይ ካልኣይ ዙርያ ግጥማቱ ኣብ ዘካየደሉ፡ ምምሕዳራት ከባቢ 03 ካብ ቅሳነት ሃይለ ብዝረኸበታ ሸቶ፡ ብኣግኡ ንምምሕዳር ከባቢ 02 1ብ0 መሪሓታ፡፡ ምምሕዳር ከባቢ 02፡ ናብ ዕረፍቲ ተመዓራርያ ክትወጽእ ዘኽኣለታ ሸቶ ካብ ኦሚጋ ተስፋኣለም ረኺባ፡፡

ኣብ ካልኣይ እብረ ግና፡ ምምሕዳር ከባቢ 03 ጸብለል ብምባል ኣከታቲለን ካብ ደሊና፡ ቅሳነትን ኣፍራሕን ሰለስተ ሸቶታት ብምምዝጋብ 4ብ1 ተዓዊተን፡፡ ክልተ ሸቶታት ዘመዝገበት ኣባል ቅሳነት ሃይለ ከኣ፡ ብልጽቲ ተጻዋቲት ናይቲ ጸወታ ምጽዋዓ፡ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣረዲኡ፡፡

## ቅነ ስፖርት እዚ ማእከል ተዛዚሙ

ፈደል ጉብረሂወት

7 መጋቢት ዝፈለመ ቅነ ስፖርት እዚ ማእከል፡ ሰሉስ 9 ሰነ ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ተዛዚሙ፡፡

እዚ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክልተ ዓመታት ዝሳለል ውድድር፡ ኣብ ሰለስተ ምድባት ተኸፊሉ ኣብ መንደፈራ ሸሞንተ ጋንታታት፡ ኣብ ጸሮና ሽዱሽተ፡ ኣብ ደቀምሓረ ድማ ሸውዓተ ጋንታታት ብድምር 21 ጋንታታት ሓቝፉ እዩ ክኺይድ ወራሒ፡፡ ሽዱሽተ ዓውድታት ስፖርት ኩዕሶ ሰከቦት፡ ኩዕሶ መርበብ፡ ኩዕሶ እግሪ፡ ኣትለቲክስ፡ ጨመት ተኸሲን ቸዝን ድማ ሐዙ ተሳሊሱ፡፡ ብድምር 128 ጋንታታት ተሳቲፈን፡፡

እዚ ውድድር ብዘኣዋኑ እናተጻፈፈ ክመጽእ ድሕሪ ምጽናሕ ድማ፡ ብቐድሚ ትማሊ ኣብ መዛዘሚ ዕለት ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ ኣብ መንጎ እተን መሳጢ ብቐዓትን ቁመናን ዝሃዳ ጋንታታት ጉባዩን መረብን ኣካይዱ፡፡

ኣብ ቀዳሞት 10 ደቓይቕ ጉባዩ ብምዕብላል ንጸወታ ዝቖለሰቶ ኮይና፡ ከም ወጽኢቱ፡ ኣብ ታሻዕይቲ ደቒቕ መረሕኸት ዘትሓዘታ ሸቶ ረኺባ፡ ብጺጋማይ መኣዝን ተማሰገን ተሰፋይ ናብ ልዳት ዝቐልዓ ኩዕሶ፡ ሓላው ልዳት መረብ ኣብ ምክልኻሉ ስለ ዝተጋጸ ናብ ሸቶ ተቐየረት፡፡ ድሕሪ'ዛ ሸቶ'ውን ናብ ልዳት መረብ ዝውሓዙ ተጻወትቲ ጉባዩ ደገፍቶም ግና ቀዳመይቲ ሸቶ ጸንብሎም ከይወድኡ፡ ንኣንፈት ጹሓይ ብምምዝማዝ ድሕሪ ክልተ ደቓይቕ ካልኣይቲ ሸቶ ካብ ኤልኣብ የውሃንስ ረኺቦም ንመረባውያን ኣደንዘዙ፡፡

ጉባዩ፡ ብጺጋማይ መኣዝን ካብ'ቲ ብሉጽ ኣጥቃዓይ ናይዚ ውድድር ዝተጸውዐ ኣባላ ሚሮን ተስፋጋብር ተበግሶን ዝበረት ኩዓሱ ሓደጋታት ዝበራ ኮይና፡ ኣብ መበል 20 ደቒቕ ድማ ሚሮን ዝሰርሓ ኩዕሶ ኣብ ሰከዎት መረብ ኣዕረፉ፡፡ ኤልኣብ የውሃንስ ንዕኡ ካልኣይቲ ንጋንታኡ ከኣ ዕውትቲ ናይዚ ውድድር ምኻና ኣተረጋገጸ ሸቶ ኣመዝገበ፡፡ ብድሕሪ'ዛ ሸቶ እቲ ግጥም ሸቶ በዚሕዎ ኣሰልቲዩ ከይከውን እኳ ተሰገኡ እንተነበረ፡ ኣብ መበል 22 ደቒቕ ግና መረብ ኣብ ጸወታ ምህላዋ ትሕብር የናስ ጉብረመስቀል ብርኣሱ ጉጭዩ ዘቖጸረላ ብልጽቲ ሸቶ ረኺባ ትንፋስ መለሰት፣ ናብ ዕረፍቲ ከኣ በዚ ወጽኢት'ዚ ወጺኣን፡፡

ካልኣይ እብረ ናይዚ ግጥም ሚዛናውን ዝያዳ ድማ ናብ ጉልበት ዝሓተተ ሕርፍፍ ዝበለ መልክዑ ተቐይሩን ብምቅጻሉን ሸቶ ስለዘይተራእየን፡ ጉባዩ ብናይ ቀዳማይ እብረ ወጽኢት 3ብ1 ተዓዊታ፡፡

ዕውታት ጋንታታት ናይ ኩሉ ዓውዲ ስፖርት ሽልማተን ኣብ ዝተቐበላሉ ከኣ፡ ሂላል ጉብለል እዚ ማእከል 2026 ኮይና፡፡



## ዞባ ማእከል - ቅድድም ብሽክለታ ማውንቴን ባይክ ተሰጊሩ

ዋንጫ ሰማእታት ንምልዓል ቀዳም 13 ሰነ ተሰሪዑ ዝነበረ ክልተ መድረኽ ቅድድም ብሽክሊታ ማውንቴን ባይክ ዞባ ማእከል፡ ናብ ዕለት 21 ሰነ ተሰጊሩ፡፡

እዚ ኣብ ዓዲ ሰገዶ ተሰሪዑ ዝነበረ ውድድር፡ ምስ ምዕጻው ትምህርቲ ዓመት 2025-26 እዩ ተሰጊሩ ዘሎ፡፡ 21 ሰነ ከኣ ኣብ ከባቢ ሓሙሻይ መደበር ፖሊስ ክካየድ እዩ፡፡

ሰንበት 14 ሰነ ግና፡ ናይ ዳ ኮርሶ ተቐዳደምቲ ኣብ ከባቢ ኢንሹራንስ ካልኣይን መዛዘሚን መድረኽ ክጻወቱ እዮም፡፡

## ሊግ ዞባ ማእከል ቀጺሉ

### ኣስመራ ቢራ ተዓዊታ፣ ኣዱሊስን ኣልታሕሪርን ነጥቢ ተማቒለን

ሊግ ደቂ ተባዕትዮ ዞባ ማእከል፡ ሰሉስ 9 ሰነ ብክልተ ጸወታታት ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ቀጺሉ፡፡

ቀዳመን ኣስመራ በራን ማይ ተመናይን ገጢመን፡፡ ኣብ ካልኣይ ዙርያ ክልተ ግዜ ዝተሳዕረትን ሓንሳብ ማዕረ ዝወጸትን ኣስመራ በራ፡ ኣብ ራብዓይ ጸወታ ዓወት ቀዳዊ፡፡ ኣብ



ተጻዋታይ ኣስመራ ቢራ - ፋኒኤል ኣስፋሃ

ካልኣይቲ ደቒቕ ብመገዲ ሙኽታር ኣሕመድ ቅልጥፍቲ ሸቶ ዘመዝገበት እዛ ጋንታ፡ ኣብ መበል 13 ደቒቕ ከኣ፡ ፋኒኤል ኣስፋሃ ካልኣይቲ ሸቶ ኣመዝገበ፡፡ ማይ ተመናይ ወላኳ ብመገዲ ምሴዮና ኣለም ብዘመዝገበታ ሸቶ ወጽኢት እንተኣጸበበቶ፡ ኣስመራ በራ 2ብ1 ካብ ምዕዋት ግና ኣይተዓገተትን፡፡ በራ፡ ነጥባ ናብ 18 ክብ ኣቢላቶ ኣላ፡፡ ኣባላ ፋኒኤል ኣስፋሃ ከኣ፡ ናይቲ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ፡፡

ግጥም ዓበይቲ ጋንታታት ናይዚ ዞባ ኣዱሊስን ኣልታሕሪርን ሰዒቡ ተኻይዱ፡፡ ኣዱሊስ፡ ኣብ ካልኣይ ዙርያ ሓደ ማዕረ ክልተ ዓወታት ብምምዝጋብ ደረጃኣ ክትዕቅብ እንከላ፡ ኣልታሕሪር ድማ፡ ሰለስተ ግዜ ኣከታቲላ ብምዕዋት ነጥባ ካብ ሸውዓተ ናብ 16 ነጥቢ ክብ ኣቢላቶ ትርከብ፡፡

ኣብ ክልተኡ እብረ፡ ክልተኣን ጋንታታት ብርክት ዝበላ ፈተነታት እኳ እንተኣካየዳ፡ ሸቶ ከመዝግባ ግና ኣይከኣላን 0ብ0 ተፈላልየን፡፡ በዚ ድማ፡ ሓላንቲ ነጥቢ ወሲደን ኣዱሊስ 23 ኣልታሕሪር 17 ነጥቢ ኣኪበን ኣለዋ፡፡ ሓላዊ ልዳት ኣዱሊስ ኤቨንኤዘር ኣፈወርቂ ብሉጽ



ሓላዊ ልዳት ኣዱሊስ - ኤቨንኤዘር ኣፈወርቂ

ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተሰምዩ፡፡

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ሓሙስ ኩጠንያ ህንጻ ሰገንን ቀይሕ ባሕሪን ሰዓት 2፡00 ድ.ቀ፡ ደንደንን ኩጠንያ ዕጽዋይቲ ሓጺንን ሰምበልን ሰዓት 4፡00 ድ.ቀ ብዘሳስለኣ ጸወታ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ክቕጽል ምኻኑ፡ ህዝባዊ ርክብ ናይቲ ፌደረሽን ሓቢሩ፡፡

## ዋንጫ ዓለም 2026፡ ሎሚ ክፍልም እዩ

### መክሲኮን ደቡብ ኣፍሪቃን፡ ድሕሪ 16 ዓመታት . . .

11 ሰነ 2010፡ ርእሰ ከተማ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝኾነት ጆሃንስበርግ፡ ንደቡብ ኣፍሪቃን መክሲኮን ዘራኸበ መኽፈቲ ጸወታ ዋንጫ ዓለም ደቂ ተባዕትዮ 2010 ኣሰናዲአ ነይራ፣ 1ብ1 ምዝዛሙ'ውን ይዝከር፡፡

እንሆ ሎሚ ኣብዘ ተመሳሳሊት ዕለት ድሕሪ 16 ዓመታት ከኣ፡ ዋና ከተማ መክሲኮ ዝኾነት መክሲኮ ሲቲ፡ ንመክሲኮን ደቡብ ኣፍሪቃን ዘራኽብ ንመኽፈቲ ጸወታ ዋንጫ ዓለም 2026 ክተኣንግድ እያ፡፡

ሰለስተ ግዜ ዋንጫ ዓለም ደቂ ተባዕትዮ ዘኣንገደት ፋልመይቲ ሃገር ኮይና ዘላ መክሲኮ፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2022 ካብ ምድብ ምሕላፍ ምጽጋማ ይዝከር፡፡ ሎሚ ከም ሓንቲ ካብተን ሰለስተ ኣሰናዳእቲ ሃገራት ኮይናትሉ ዘላ እዋን ግና፡ ዝሓሸ ወጽኢት ንምምዝጋብ ዓጢቓ ኣላ፡፡

እዛ ኣብ ባንዴራኣ ብዘለዋ ሰለስተ ሕብራታት ብምውካል 'ኤል ትሪ' ብዝብል ቅጽል እትጽዋዕ መክሲኮ፡ ንደቡብ ኣፍሪቃ ብምስዓር፡ ናይ ምሕላፍ ዕድላ ከተዕቢ ትጽቢት ይግበረላ - ቅድሚ ናብ ዝስዕባ ጸወታታት ኣንጻር ደቡብ ኮርያን ቸክ ሪፓብሊክን ምቁማታ፡፡

ዝመጽእ ወርሒ ሓምለ 41 ዓመት ዝመልእ ጉዳም ሓላዊ ልዳት ናይዛ ሰሜን ኣመሪካዊት ሃገር - ጉለርሞ ኦቻ፡ ቀዳማይ ተጻዋታይ ኣብ ሽዱሽተ ዋንጫ ዓለማት ዝተሰለፈ ክኸውን'ውን እዩ - ሎሚ እንተተጻዊቱ፡፡

ንፈለማ ግዜ ኣብ ኣፍሪቃ ንዝተኻየደ ዋንጫ ዓለም ናይ 2010 ዘኣንገደት ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኣብ 2014፡ 2018ን 2022ን ቦኺራ፡ ድሕሪ 16 ዓመታት እያ ናብዚ ውድድር ትምለስ ዘላ፡፡ 'ባፋና ባፋና' ዝብል መጸውዒ ዘለዋ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ቀዳማይ ጸወታኣ ምስ ኣኣንጋዲት ሃገር ብምኻኑ፡ ክኸብዳ ከምዝኸእል ገለ ተንተንቲ ይገልጹ፡፡ ዝኾነ ኾይኑ ግና፡ ሎሚ ንመክሲኮ ድሕሪ 21 ዓመታት ዳግማይ ክትስዕራ ትጽቢት ደገፍታ እዩ፡፡ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ሓምለ 2005 ኣብ ናይ ጸወታታት 'ኮንካፍ' ንመክሲኮ ምስ ሰዓረታ፡ ኣብ 2010 ማዕረ እየን ወጺኣን፡፡

ንፈለማ ግዜ 48 ሃገራት ሐዙ ዝካየድ ዋንጫ ዓለም ናይ 2026፡ ማሰናድኦኡ ኣብ ሰለስተ ሃገራት ኣመሪካ፡ መክሲኮን ካናዳን እዩ ከሳሰል፡፡ ሎሚ ንመኽፈቲ ጸወታ ዘኣንግድ ኣስተክ ስታድዩም ከኣ፡ ናይ ፈለማ ስታድዩም ንሰለስተ መኽፈቲ ጸወታ ናይዚ ውድድር ዘሰናድእ ክኸውን እዩ - ኣብ 1970ን 1986ን ኣሰናዲኡ ብምንባሩ፡፡



## መደብ ጸወታ

ሎሚ

መኽፈቲ ጸወታ ዋንጫ ዓለም ደቂ ተባዕትዮ 2026

መክሲኮ - ደቡብ ኣፍሪቃ 10፡00 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ትራምፕ፡ ኢራን ዋጋ ክትከፍል ምዃና የጠንቀቐ



ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኢራን ኣብ ስምምዕ ሰላም ንምብጻሕ ኣዝዩ ነዊሕ ግዜ ከም ዝወሰደት ድሕሪ ምሕባር፡ ዚ ድማ ዋጋ ክትከፍለሉ ምኳና ትማሊ ረቡዕ ኣጠንቂቑ።

ሓይልታት ኣመሪካ ኣብ ከባቢ መጻብቦ ሆርሙዝ ኣብ ዝርከብ ዒላማታት ኢራን ድሕሪ ዝፈጸምዎ መጥቃዕቲ፡ ኢራን ኣብ የርዳኖስ፡ ኩዌትን ባሕሬንን ንዝርከብ ወተሃደራዊ መደበራት ኣመሪካ ብሚሳይልን ሰብ ኣልቦ ነፈርትን ብምድህባብ ሕነ ከም ዘፈደየት ኣይርሳዕን።

ይኹን'ምበር፡ ድሕሪ'ቲ ክልቲአን ሃገራት ኣብ ነንሕድሕደን ዝፈጸማኦ ናይ ሕነ ምፍዳይ መጥቃዕቲታት፡ ኢራን ምስ ኣመሪካ ዘለዋ ዲፕሎማስያዊ ርክብ ዳግማይ ክትግምግም ምኳና ገሊጻ ኣላ።

ትራምፕ፡ ኢራን ኣብ ጥቓ እቲ መጻብቦ ንሓንቲ ዋንኣት ኣመሪካ ዝኾነት 'ኣፓቺ' ዝዓይነታ ወተሃደራዊት ሄሊኮፕተር ወቒዓ ከም ዘውደቐት ድሕሪ ምግላጹ ስዒቡ ዝተኻየደ ምልውዋጥ ተኹሲ፡ ክልቲአን ሃገራት ኣብ ዝሓለፈ ሚያዝያ ተኹሲ ደው ንምባል ካብ ዝሰማምዓሉ እዋን ንደሓር ካብ ዝተላዕለ ወጥረታት እቲ ዝኸፍአ ኮይኑ ኣሎ።

እታ ኣብ ከባቢ መጻብቦ ሆርሙዝ ወዲቓ ዝተሓምሸሸት ሄሊኮፕተር ኣመሪካ ብኢራን ከም ዝተሃርመት ዝገለጸ ትራምፕ፡ ኣብ እዋኑ ኣብ ልዕሊ ኢራን ሕነ ክፈዲ ምኳኑ ኣጠንቂቑ ነይሩ።

"ቡቲ ጅግና ሰራዊትና ከም ዝተሓበረ፡ ኢራናውያን ንሓንቲ ካብ ምዕቡላት 'ኣፓቺ' ዝዓይነተን ሄሊኮፕተራትና ኣብ ሰማያት መጻብቦ ሆርሙዝ ንሓለዋ ተዋፊራ እንከላ ሃሪሞም ኣውዲቖማ ኣለው፡" ክብል ብማሕበራዊ መራኸቢታት ሓቢሩ።

ኣመሪካ፡ እንታይ ዓይነት ግብረ መልሲ ከም እትህብ ግን፡ እቲ ኣመሪካዊ መራሒ ብጽሑር ኣይሓብረን ኣሎ።

ኣብ'ታ ኣብ ገምገም ያማን ዝወደቐት ሄሊኮፕተር ዝነበሩ ክልተ ኣብረርቲ ብፍሉይ ስርሒት ከም ዝደሓኑ፡ ሰራዊት ኣመሪካ ኣፍሊጡ'ሎ።

ማእከላይ እዚ ሰራዊት ኣመሪካ (ሰንትኮም) ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ "እቶም ወተሃደራት ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰዓት ዝገመት ግዜ ድሒኖም ኣለው፣ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ድማ ይርከቡ፡" ኢሉ።

እታ 'ኣፓቺ AH-64' ዝዓይነታ ሄሊኮፕተር፡ ኣብ ገምገም ማያት ያማን ንሓለዋ ተዋፊራ ኣብ ዝነበረትሉ እዋን'ያ ተሓምሺሻ።

ምውዳቕ ናይታ ሄሊኮፕተር፡ ነቲ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ኢራንን ክቕጽል ዝጸንሐ ዝርርብ ንድሕሪት ከይጎትቶ ስግኣት ፈጢሩ ይርከብ።

## ሕ/ኤውሮጳ፡ ናብ ሩስያ ዘነጻጸረ እማመ እገዳ ኣቕሪቡ



ኮሚሽን ሕብረት ኤውሮጳ፡ ንጸዓት፡ ፋይናንሳዊ ኣገልግሎታትን ንግድን ዒላማ ዝገበረ መበል 21 ዙርያ እማመ እገዳ ኣብ ልዕሊ ሩሲያ ከም ዘቕረበ፡ ፕረዚደንት ኮሚሽን ናይ'ቲ ሕብረት ኡርሱላ ቮን ደር ሌየን ትማሊ ሰሉስ ገሊጻ።

እቲ ኮሚሽን ብዘውሰኾ፡ እቲ እማመ፡ ኣብ ንግዲን ምምስራሕን ኑዱዲን ሩሲያ ዝጠቕዑ ወደባት፡ መጓጓዕያታት ነፈርቲን ትካላት መጻረዪ ኑዱዲን ገደብ ምግባር ዘጠቓልል ምኳኑ ኣፍሊጡ።

ብዘይካ'ዚ፡ እቲ ዝቐረበ ሓድሽ ዙርያ እማመ፡ ኣብ ልዕሊ ወተሃደራዊ ኢንዱስትሪ ጾላት ሩሲያ ዝጥቀመሉ ኣቑሑትን ቴክኖሎጂታትን፡ ከም'ኡ'ውን ምስ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ኣብ ዝተኣሳሰሩ መሳርሒታት ሓድሽ ናይ ሰደድ ገደባት ዘተኣታቱ እዩ።

እቲ ሕብረት ንመጀመርታ ግዜ ንጽላት ዓሳ ሩሲያ'ውን ዒላማ ብምግባር፡ ኣብ እታው ዝዘውሰኑ ፍርያት ዓሳ ርኡይ ገደብ ክግበር ምኳኑ ተሓቢሩ።

እታ ፕረዚደንት ኣብ መግለጺኣ፡ ኣብ ትሕቲ'ዚ ሓድሽ ዙርያ እገዳ ካብ ምድማር ግጭት የክሬን ኣትሒዞም ኣብ ሓይልታት ምክልኻል ሩሲያ ዘገልገሉ ውልቀ ሰባት፡ ናብ ኣባላት ናይ'ቲ ሕብረት ዝኾና ሃገራት ከይኣትዉ ክእገዱ ምኳኖም ኣፍሊጣ።

ይኹን'ምበር፡ እቲ እማመ ኣብ ግብሪ ቅድሚ ምውዓሉ፡ ሕጂ'ውን ብኹለን ኣባላት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ቅቡል ኮይኑ ክርከብ ከም ዘለዎ ይሕበር።

## ነታንያሁ፡ ኣብ ዝቕጽል ምርጫ እስራኤል ክወዳደር ወሲኑ



ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁ፡ ኣብ ዝቕጽል ምርጫ እስራኤል ክወዳደር ምኳኑ፡ እቲ ንሱ ዝመርሖ የማናዊ ኣጠማምታ ዘለዎ ሰልፊ 'ለኩድ' ትማሊ ረቡዕ ኣፍሊጡ።

ሰልፊ ለኩድ ኣብ ዝሖ ሓጺር መግለጺ፡ "ናታንያሁ፡ ኣብ ዝመጽእ ምርጫ ክወዳደር'ዩ" ክብል፡ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ከይሃበ ንተሳታፍነት ናይቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብ ዝመጽእ ምርጫ ኣረጋጊጹ።

ለኩድ ነቲ መግለጺ ዘውጸኦ፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ናታንያሁ ኣብቲ ምርጫ ዳግማይ ክወዳደር መደብ ኣለዎ ደዩ የብሉን ንጹር ከም ዘይኮነ፡ ምስ 'ኤይቢሲ ኒውስ' ኣብ ዝገበሮ ቃለ መሕትት ድሕሪ ምዝራቡ እዩ።

ባይቶኣዊ ምርጫ እስራኤል ዛጊት መዓስ ከም ዝካየድ ብወግዒ'ኳ እንተ ዘይተገለጸ፡ ብሕጊ መንግስቲ ግን፡ ክሳብ ዝመጽእ ጥቅምቲ ኣብ ዘሎ ግዜ ክካየድ ግድነት ምኳኑ ይግለጽ።

ወዲ 76 ዓመት ቤንያሚን ናታንያሁ፡ ንኣስታት 20 ዓመታት ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ኮይኑ ከም ዘገልገለ ይፍለጥ።

## ፓኪስታን፡ ምስ ኣፍጋኒስታን ኣብ ዘዳውባ ከባቢታት ደብዲባ

ፓኪስታን፡ ምስ ኣፍጋኒስታን ኣብ ዘራኽብ ከባቢታት ሓድሽ ደብዳብ ኣየር ከም ዝጀመረትን፡ ቡቲ ደብዳብ 26 ኣባላት ጣሊባን ከም ዝተቐትሉን፡ ሚኒስተር ዜና ፓኪስታን ገሊጹ።

እቲ ሚኒስተር ትማሊ ረቡዕ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኤክስ ኣብ ዘርገሖ ሓበሬታ፡ ሰራዊት ፓኪስታን፡ ንመሕበኢታትን ውሑስ መዕቆቢታትን ናይ'ቶም ብኣሕጽሮተ ቃል 'ቲቲፒ' ተባሂሎም ዝፍለጡ ኣብ ፓኪስታን ዝንቀሳቐሱ ዕጡቓት ጣሊባን ዒላማ ዝገበረ መጥቃዕቲ ከም ዝኸፈተ ኣረዲኡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ቡቲ ደብዳብ ማእከል ታዕሊም፡ መኻዝን ተተኮስቲ፡ ከም'ኡ'ውን ምስ ኣዘዝቲ ቲቲፒ ምትእስሳር ዘለዎም ኾቓጣታት ከም ዝተወቕዐ፡ እቲ ሚኒስተር ወሲኹ ሓቢሩ።

እንተኾነ፡ ምምሕዳር ጣሊባን፡ እቶም ቡቲ ደብዳብ ዝተቐትሉ መብዛሕትኦም ህጻናት ዝርከብዎም 13 ሰላማውያን ሰባት ከም ዝኾኑ ኣመልኪቱ።

ኣፈኛ ምምሕዳር ጣሊባን ዛቢሁላህ ሙጃሂድ ብወገኑ ብኤክስ ኣብ ዘሎ ሓበሬታ፡ ፓኪስታን ኣብ ልዕሊ ኣውራጃታት ኩናር፡ ኮስትን ፓክቲካን ብዝፈጸሞ መጥቃዕቲ 11 ህጻናት፡ ሓንቲ ጓል ኣንስተይትን ሓደ ሽማግለ ሰብኣይን ከም ዝቐተሉ፡ ካልኦት 14 ደቂ ኣንስትዮን ህጻናትን ድማ ከም ዝቖሰሉ ገሊጹ።

በዚ ድማ፡ ምምሕዳር ጣሊባን ነቲ "ስብኣዊ ገበን" ክብል ዝገለጾ ደብዳብ ብትሪ ከም ዝኾነኖ፡ እቲ ኣፈኛ ወሲኹ ኣብሪሁ።




እቲ ዝሓለፈ ሰሉስ ኢጋምሽት ዝተፈጸመ ደብዳብ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙናት ካብ ዝተፈጸሙ ተመሳሳሊ ደብዳባት እቲ ዝበርትዐ ኮይኑ፡ ኣብ ዶባት ክልቲአን ሃገራት ብተዛማዲ ህድኣት ኣብ ዝተራእየሉ እዋን እዩ ተኻይዱ።

## ኮንጎ - ቍጽሪ ግዳያት ኢቦላ ይውስኽ



ኣብ ደሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ፡ ቍጽሪ ብሕማም ኢቦላ ናይ ዝሞቱ ሰባት ልዕሊ 100 ከም ዝበጽሐ ተሓቢሩ።

መንግስቲ ናይ'ታ ሃገር ኣብ ዘውጸኦ ናይ መወዳእታ ጸብጻብ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሒደት መዓልታት ሓያሎ ሓደስቲ መልከፍቲ ከም እተመዝገቡን፡ ልዕሊ.10 ሰባት ድማ ከም ዝሞቱን ኣረዲኡ።

በዚ ድማ፡ ጠቕላላ ዝተረጋገጸ ቍጽሪ መልከፍቲ ናብ ልዕሊ 550፡ ቍጽሪ ምዉታት ድማ 115 በጺሑ ምህላዉ ኣመልኪቱ።

ለበዒ ናይቲ ዓሌት ኢቦላ ዝኾነ 'ቡንዲቡግዮ' ዝተሰምየ ቀታሊ ቫይረስ ኣብ ዲ.ሪ.ሲ. ብ15 ግንቦት እኳ እንተ ተራእየ፡ ካብ ሽዑ ጀሚሩ ንሰሙናት ከይተፈልጠ ከም ዝጸንሐ እዩ'ም ሰበ ስልጣን ናይታ ሃገር ዝሕብሩ።

እቲ ቫይረስ፡ ኣብ'ተን ሰለስተ ንነዊሕ እዋን ብዕጥቃዊ ግጭታት ዝተሃስያ ኣውራጃታት ኢቱሪ፡ ሰሜን ኪቩን ደቡብ ኪቩን ብብዝሒ ከም እተራእየ'ውን ወሲኾም የረድኡ።

ህላወ ዕጡቓት ጉጅለታት ኣብ ከተማታት ናይ ኣውራጃ ኢቱሪ፡ ቡቲ ቫይረስ ዝተለኽፉ ዜጋታት ህጹጽ ሕክምናዊ ሓገዛት ከይረኽቡ ዓቢ ብድሆ ኮይኑ ይቕጽል ከም ዘሎ ይሕበር።

ተረኛ ፋርማሲ: ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣንበስ
ዕለት: 11/6/26
ጎደና: ጎደና ዓዲ ሓወሻ175 ቁ.ገዛ 58 ከበቢ ፓስት ኦፈስ ፊት ፎት ኤርትራ
ቁ.ስልኪ: 200141
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　　ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services